ሓዳስ ኤርትራ
The State of ERITREA

መበል 35 ዓመት ቁ.116 ረቡዕ 14 ጥሪ 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3
ቃለ-መጠይቕ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ


ገጽ 5
ዓሰብ ኣካል ኣቢሲንያ ኮይና ኣይትፈልጥን


ገጽ 7
ምልክታ

ገጽ 9
ማሕበራዊ ስራሕ ከም ዓውዲ



ገጽ 11
ሃገራዊ ፌደረሽን ኣትለቲክስ...


# ኣምባሳደር ዓሊ ኢብራሂም፡ ኣብ ሃገረ ቐጠር ሰሚናር ኣካዪዱ

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሃገረ ቐጠር ኣቶ ዓሊ ኢብራሂም፡ ብ10 ጥሪ ኣብ ከተማ ኣ'ደውሓ ንኣባላት ውዳበ ህግደፍ ሰሚናር ኣካዪዱ።

እቲ ኣብ ባህላዊ ማእከል ኤርትራውያን ዝተኻየደ ሰሚናር፡ ኣብ ህልው ኩነታት ሃገር ብመንጽር ዞባውን ዓለማውን ምዕባለታት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኣገዳሰነት ምሕያል ውዳበታት ዘተኩረ'ዩ።

ኣምባሳደር ዓሊ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ መደባት ልምዓት ብሓፈሻ፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ድማ ብፍላይ ዝሰርሖ ዘሎ ወፍሪ ውጽኢቱ እናደመቐ ይመጽእ ከምዘሎ፡ ኣብ ኣገልግሎታት ትምህርትን ጥዕናን ከምኡ'ውን ህንጻት ከዘንቲ ማይ ንዝተመዝገበ ዓወታት ብምጥቃስ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ።





ኣብ ዲፕሎማሲያዊ መዳይ ንዘሎ ንጥፈታትን ኽጋሩን ብዝምልከት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ድማ፡ ኤርትራ እትኽተሎ ኣብ ምኽባርን ሽርክነታዊ ምትሕግጋዝን ዘተኩረ ፖሊሲ፡ ልዑል ተቐባልነት ይረክብ ከምዘሎ ገሊጹ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ከም'ዚ ዝበለ ሰሚናራት ኣብ ምብራኽ ንቕሓት ዘለዎ ተራ ዓቢ ስለዝኾነ ክድፋኣሉ ብምዝኽኻር፡ መሳርያም ኣስጢሞም መድረኽ ዝሓቶ ኣበርክቶን ተሳትፎን ክገብሩ ዘለዎም ድልውነት ኣረጋጊጾም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣብ ቀጠር፡ ደቆም - ጉድ-ጉዲ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ብባህልን ክብሪታትን ሕብረተሰቦም ተኸሲቶም ንኽዕብዩ ዘገልግል መዋእለ ህጻናት፡ ብ10 ጥሪ ኣመሪቖም።

# ህግደፍ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ውዳበታቱ ንምሕያል ዓቢ ቈላሕታ ሂቡ ከምዝሰርሐ ገሊጹ

ቤት-ጽሕፈት ህግደፍ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ኣብ 2026 ውዳበታቱ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢን ሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስትን ኣብ ምሕያልን ምስፋሕን ኣተኩሩ ከምዝሰርሐ፡ ብ12 ጥሪ ኣብ ባረንቱ ኣብ ዘቃነየ ኣኼባ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ትግባረ ውድባዊ፡ ፖለቲካውን ምምሕዳራውን ንጥፈታት ዝተገምገመሉ ኣኼባ፡ ጸሓፊ ህግደፍ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ጃብራ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣብ 2025 ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ብኣባላት ህግደፍ ዝተኻየደ ማሕበራውን ልምዓታውን ንጥፈታት ዘተባብዕ ውጽኢት ከምእተረኽቦ ብምጥቃስ፡ ክሳብ ምምሕዳራት ከባቢን ዓድታትን ብምውራድ ንምድንፋዕ ብዕቱብ ከምዝሰራሓሉ ኣብሪሁ።

ሓለፍቲ ውድባዊ፡ ፖለቲካውን ምምሕዳራውን ጉዳያት ከምኡ'ውን ጸሓፍቲ ህግደፍ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ብወገኖም፡ ብህዝብን ሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስትን ንስድራ ስዉኣትን ጽጉማትን ወገናትን ንዝተገብረ ገንዘባውን ዓይነታውን ኣበርክቶ ብምምጓስ፡ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ብዝሰፍሐ ከምዝድፋኣሉ ሓቢሮም።

ኣብ መብዛሕትኡ ከባቢታት፡ ዘይምጥርናፍ ዓድታትን ሽግር መጎዓዝያን ካብ ቀንዲ ብድሆታት ከምዝነበሩ'ውን ገሊጾም።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ብግደኡ፡ ኣብ ውድባውን ፖለቲካውን መዳያት ተመዝጊቡ ዘሎ ለውጢ ዘተባብዕ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ንዝተኻየደ ጻዕሪ ዘጉልሕን ኣብ መጻኢ ብዛዕባ ክግበሩ ዘለዎም ለውጥታት ኣመት ዝሁብን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ተሳትፎ ደቂኣንስትዮ ዘዕዝዝ፡ ንመንእሰያት ማእከል ዝገበረ መደባት ክውጠንን ክትግበርን ኣተሓሳሰበ።



# ጨንፈር ጥዕና ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ ንጥፈታት ገምጊሙ

ጨንፈር ጥዕና ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ ብዘጸንኦ ዞባኡ ዝዓመሞ ንጥፈታት ዝገምገመ፡ ሞያውያንን ኣመሓደርቲ ከባቢን ዝተሳተፍዎ ኣኼባታት፡ ብ3 ጥሪ ኣብ ሓርሰለ፡ ብ8ን 9ን ጥሪ ድማ ኣብ ዕዲን ጠያን ኣካዪዱ።

ሓለፍቲ ጥዕና ንኡሳን ዞባታትን ትካላት



ጥዕናን ኣብ ዘቕረብዎ ጸብጻባት፡ ጥዕናዊ ንቕሓት ህዝቢ ንምብራኽ ኣብ ርእሲ'ቲ ዕለታዊ ዝካየድዎ ኽትዓት፡ ናብ ርሑቕ ከባቢታት ብምንቅስቓስ ኣስተምህሮታት ከምዝወሃብ ብምጥቃስ፡ ከም ውጽኢቱ ተጠቃምነት ኣብ ትካላት ጥዕና ከምዝዓበየ ገሊጾም።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ምክትታል ቅድመ-ሕርሲ፡ ክትባትን ህጻናትን መደባት ክታበትን፡ ምክልኻልን ፍወሳን ተመሓላለፍትን ዘይተመሓላለፍትን ሕማማት፡ ምዝውታር ከም ዝመርሖ ከባብያዊ ጽሬት፡ ከምኡ'ውን ምክልኻል ሰግረ-ዶባዊ ሕማማት ዘተኩረ ሓያል



ስራሕ ከምእተዓመ ኣብሪሆም።

ሓላፊ ናይ'ቲ ጨንፈር ዶ/ር ዓሊ ሓሎ ብግደኡ፡ ንቕሓት ህዝቢ ኣብ መዳይ ጥዕና ብሓፈሻ፡ ኣብ ምክልኻል ተመሓላለፍቲ ሕማማት ድማ ብፍላይ ክብ ምባል እቲ ዝዓበየ ዕማም ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣብ ዝሰላሰል መደባት ተራ ኣመሓደርቲ ከባቢ ክዓዝዝ ተላቢዩ።

ዶ/ር ዓሊ ወሲኹ፡ ኣብ ጠንቅን ሳዕቤናትን ከምኡ'ውን ሜላታት ምክልኻል ሕማም ወደቦ ዘተኩረ መብርሂ ድሕሪ ምሃቡ፡ ኣደታት - ጥዕናኦንን ጥዕና ዕሸላተንን ንኽዕቅባ፡ ኣብ ትካላት ጥዕና ክሓርሳ ጸዊዑ።

ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታት ብግደኦም፡ ጉዳይ ጥዕና ንሓደ ኣካል ጥራይ ዝምልከት ዕዮ ከምዘይኮነ ብምንጻር፡ ዝጸንሐ ድኻማት ተወጊዱ ኣበርክቶኦም ንምዕዛዝ ድሉዋት ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

## ዜና

# ኣቑርደት - ተራ ኮም ኣብ ትግባረ መደባት ልምዓት ንምዕዛዝ ይሰራሕ ኣሎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት፡ ተራ ኮም ኣብ ትግባረ መደባት ልምዓት ብዝበለጸ ንምዕዛዙ፡ ኣመሓደርቲ ከባቢን ኣካበርቲ ዓድን ኣብርቲዮም ከሰርሑ፡ ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ኢሳቕ ጥዑም ጸዊዑ።



ምስ ወከልቲ ህዝቢ ኣብ ዝገበሮ ርክብ ንተራ ኮም ዘመገሰ ኣቶ ኢሳቕ፡ ኣብ'ዚ ዓመት ክትግበሩ ተወጢኖም ዘለዉ መደባት ብሓፈሻ ንጥሪታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ድማ ብፍላይ ንምዕዋት፡ ኣመሓደርቲ ቀላሲ ተራ ክጻወቱ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣብ መዳይ ጥዕናን ትምህርትን ብደረጃ ንኡስ ዞባ ተመዝጊቡ ዘሎ ለውጢ፡ ወጽኢት ናይ'ቲ ኮም ማእከል ዝገበረ ልምዓታዊ መደባትን ኣበርክቶ ሕብረተሰብን ከምዝኾኑ ተገሊጹ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ መደባት ልምዓት ንምዕዋት ካብኦም ዝሕተት ከምዝምልኡ ብምርግጋጽ፡ መደባት ጽሬት ኣከባቢ ብኣድማዕነት ንምትግባር፡ ዘድሊ መሳለጥያታት ክቐርብ ተላብዮም።



ብኻልእ ወገኑ ቤት-ጽሕፈት ሃግመተኤ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት፡ ውዳበ መንእሰያት ክሳብ ምምሕዳራት ከቢ. ንምስፋሕን ንምሕያልን ዝዓለመ ዘተ ወዲቡ።

ሓላፊ ናይ'ቲ ቤት-ጽሕፈት መንእሰይ ያሲን መሓመድኑር ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ መንእሰያት ሞያን ፍልጠትን ዓጢቖም ኣበርክቶኦም ኣብ ዘውጠን መደባት ንኽኽዩሉ፡ ተራ ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ኣካበርቲ ዓድን ኣቦላት ባይቶን ኣገዳሲ ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።

# ደቡብ ደንከል - ተበላሽዩ ዝጸንሐ መስመር ኤለክትሪክ ተጸጊኑ

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ኣቦ - ንኡስ ዞባ ደቡብ ደንከል፡ ብርቱዕ ንፋስ ብዘኸተሎ ዘናብ ተበላሽዩ ዝጸንሐ መስመር ኤለክትሪክ ተጸጊኑ ዳግማይ ኣገልግሎት ክሀብ ከምዝጀመረ፡ ሓላፊ ሓይሊ ኤለክትሪክ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣቶ መሓመድ ኣሚን ሓቢሩ።



በቲ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋ፡ ኣብ መስመር ሓርሲለ - ኣቦ ን310 ኪሎ-ሜትር ዝተዘርግሐ መስመር ብምብልሻዉ እቲ ኣገልግሎት ተቛሪጹ ምጽንሑ፣ እንተኾነ 150 ዓንድታት ተተኺሉ እቲ ኣገልግሎት ናብ ንቡር ከምእተመልሰ ብምጥቃስ፡ ንተራን ኣበርክቶን ህዝቢ፡ ሞያውያንን ካልኦት ኣካላትን ኣመስጊኑ።

ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ደቡብ ደንካልያ ኣቶ ሙሳ ሓጂ ብግደኡ፡ እቲ መስመር ብሩባታት ይሓልፍ ብምንባሩ፡ ኣብ ግዜ ክረምቲ ብዝወርድ ውሓይዝ ብተደጋጋሚ ሃሰያ ከወርዶ ምጽንሑ ብምጥቃስ፡ ኣብ'ቲ ንኣሰታት ሓደ ወርሒ ዝቐጸለ ስራሕ ንዝተራእየ ወህደት መጕሱ።

# ኣፍዓበት - መደባት ትምህርቲ ንዓበይቲ ዕዉት ከምዝነበረ ተገሊጹ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት፡ መደባት ትምህርቲ ንዓበይቲ ዕዉት ከምዝነበረ፡ ብ10 ጥሪ ኣብ ዝተኻየደ፡ ናይ ዝሓለፈ 10 ዓመታት ገምጋም ኣብ ውጥን ስራሕ ዝመጽእ 5 ዓመታት ዝዝተዮን ኣኼባ ተገሊጹ።

ሓላፊ ኣገልግሎት ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር መሓመድ-ዓሊ እድሪስ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ምጥፋእ መሃይምነት፡ ዓረየትን ምሸታዊ ትምህርትን ዘጠቓልል መደብ ትምህርቲ ንዓበይቲ፡ ካብ 75 ዓድታት ኣብዘን 69 ተኣታትዩ ከምዝሎ ብምጥቃስ፡ ኣብ ዝቕጽላ 5 ዓመታት ኣብተን ዝተረፋ 6 ዓድታት ንምሽፋን ከምዝስራሕ ኣብሪሁ።

ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ - ሓላፊ መደብ ትምህርቲ ንዓበይቲ ኣቶ መሓመድ-ዑስማን ሰዒደዲን ብወገኑ፡ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ብደረጃ ዞባ ይኹን ብደረጃ ሃገር ብጽቡቕ ኣብነት ከምእትጥቀስ ብምግላጽ፡ እዚ መርኣያ ወህደት መማህራንን ኣመሓደርቲ ከባብን ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ሓላፊ መደብ ትምህርቲ ንዓበይቲ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት መምህር ኣደም መሓመድ-ሓምድ ድማ፡ ኣብ ዝሓለፈ 10 ዓመታት ኣብ መደብ ምጥፋእ መሃይምነት 95 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ካብ ዝርከብኦም 20,752 ተመሃሮ እቶም ኣስታት 50 ሚእታዊት ትምህርቶም ከምዘወድኡ፣ ከምኡ'ውን ኣብ መደብ ዓረየት ካብ ኣስታት 18 ሽሕ ልዕሊ 14 ሽሕ፣ ኣብ ምሸታዊ ድማ ካብ 8ይ ክሳብ 12 ክፍሊ 2,428 ከምዝሓለፉ ገሊጹ።



ተሳተፍቲ፡ ኣብ ዝመጽእ 5 ዓመታት፡ ዕድል ትምህርቲ ዘይረኸባ ዓድታት ከምዝረኽባ ምግባር፣ ምሸታዊ ትምህርቲ ዝሰፋሓሉ መገዲ ምፍጣር፣ ከምኡ ድማ ኮማዊ ኣብያተ-ንባብ ምኽፋትን ምሕያልን ኣብ ዝብል ኣርእስትታት ድሕሪ ዞተዩ ዝተ፡ ንትግበረኡ ዝሕግዝ ውጥን ስራሕ ኣውጺኦም።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ኣቶ ኣሕመድ መሓመድ-ኑር ረጀብ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ መደባት ትምህርቲ ዓበይቲ ንምዕዋት ኩሎም ኣካላት ምምሕዳር ዘድሊ ኣበርክቶ ከምዝገብሩ ብምርግጋጽ፡ ዋሕዲ መማህራን ፍታሕ ክናደየሉ ተላብዩ።

# ኣቑርደት - መደባት ምጥፋእ መሃይምነት ንምስፋሕ ይስራሕ ኣሎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት፡ መደባት ምጥፋእ መሃይምነት ንምስፋሕ ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ብዕቱብ ይስራሕ ከምዘሎ ተገሊጹ።

ተቖጻጻሪ መደብ ትምህርቲ ንዓበይቲ መምህር ኣሕመድ እድሪስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ሰሩዕ ናይ ትምህርቲ ዕድል ንዘይረኸቡ ዓበይቲ ናይ ትምህርቲ ዕድል ዝኸፈተ መደብ ምጥፋእ መሃይምነት፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ካብ 1997 ብስሩዕ ከወሃብ ከምዝጸንሐን ብዙሓት ዜጋታት ተረባሕቲ ከምዝኾኑን ኣብሪሁ።

እንተኾነ፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ቀጽሪ ኾቓጣታት ካብ 49 ናብ 26 ብምውራዱ ተሳታፍነት ሕጹ ከምዝሎ ብምሕባር፡ ንምምሕያሹ ጻዕርታት ይካየድ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ዋሕዲ መማህራን ዝዓበየ ጸገም ከምዝኾነ ዝጠቐሰ መምህር ኣሕመድ፡ ነቲ ሽግር ንምፍታሕ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ምርድዳእ ይግበረሉ ከምዘሎ ብምጥቃስ ኣበርክቶ ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት ከየሲ ጸዊዑ።

ብመደብ ምጥፋእ መሃይምነት ንዝተኸፍተ ዕድል ተጠቒመን ክሳብ 8ይ ክፍሊ ዝጸሓፋ ኣዴታት ብወገነን ማእከላይ ደረጃ ምብጻሐን ወጽኢት ናይ'ቲ "ኩሉ ይመሃር፣ ዝተማሃረ ይምሃር" ዝብል መሪሕ ቴማ ከምዝኾነ ብምጥቃስ ናይ ትምህርቲ ግዜ ዝሓለፎም ዓበይቲ ነቲ መደብ ብግቡእ ክጥቀሙሉ ኣተሓሳሲበን።



## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣደም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጾ. 1284

# ቃለ-መጠይቕ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ

*ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት፡ ብ12 ጥሪ 2026፡ ብሬድዮን ቴለቪዥንን ብቐጥታ ዝተመሓላለፈ ቃለ-መጠይቕ ብምክያድ፡ ንዓለማዊ፡ ዞባውን ዘቤታውን ጉዳያት ኣመልኪቱ ዝቐረቡሉ ሕቶታት ሰፊሕ መልሲ ሂቡሉ። ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ሎሚ ጀሚራ ዝርዝር ትሕዝቶኡ ብተኸታታሊ ከተቕርቦ እያ።*

- **ክቡር ፕረዚደንት ኣብ ዝሓለፈ ቃለ መጠይቓትካ፡ ንህሉው ዓለማውን ዞባውን ኩነታት ብዝምልከት ምስናይ ደሕሪ ባይታኡ ሰፊሕን ዝርዝራውን መብርሂታት ክትህበሉ ጸኒሕካ ኢኻ፡ ካብዚ ብምብጋስ ናይ ሎሚ ሕቶታትና ብሕጽር ዝበለ፡ ናብ እዋናዊ ምዕባለታቱ ዘቕንዐ እዩ፡ ፈለማ ብዓለማዊ ኩነታት ጀሚርና፡ ናብ ዞባን ዘቤታዊ ጉዳያትን ክንሰግር ኢና፡ ኣብዚ እዋን እዚ ብደረጃ ዓለም ዝግሃድ ዘሎ ተጻብኦ፡ ክስተታት፡ ዘይርጉእነት፡ ተሃዋሲ ባህርያትን ዘይንጹር ኣንፈቱን፡ ንመሰጋገሪ መድረኽ ግሉባዊ ስርዓት ምሕደራ ዘጉልሕ እዩ፡ እቲ ምሉእ ስእሊ ግና ደብዛዝ እዩ፡ እንተሎ፡ ብዓምምሚን ሓጺርን ገምጋም፡ ጽልዋታቱ ኣብ ኣፍሪቃን ዞባናን እንታይ ክመስል ይኽእል፤**

ብደረጃ ዓለም ብዛዕባ መጻኢ ክንዛረብ፡ ነዚ ሕጂ ዘሎ ኩነታት እውን ክንርእዮ እንተኽኢልና፡ ካብይ መጺእና ክንርኢ ኣለና። ዝሓለፈ ኩናት ናቱ ባህርያት ነይሩዎ - ሓሊፉ፤ ኣብ መጀመርታ ተሰዓታት ምስ ምውዳቕ ሕብረት ሶቭየት ኣብቂዑ። ድሕሪኡ እቲ ቀጽራዊ ዓለም ዝበሃል ኣተሓሳስባ መጺኡ፤ መን ኣምጺኡዎ፧ ብኸመይ፧ ናቱ ብዙሕ ዛንታ ኣለዎ። ኣብቲ መጀመርያ 'ፉኪያማ' እንታይ ኢሉ ነይሩ፤ 'ሃንቲንግተን' እንታይ ኢሉ፤ እናበልካ ምስ ሕጂ ዘሎ ኩነታት ብምዝማድ ብዙሕ ክዝረብ ይኽእል እዩ። ሕጂ ሰለሳ ዓመታት ሓሊፉ ኣሎ። እቲ እኽሊ ቀጽራዊ ዓለም ክንፈጥር ኢና፡ ድሕሪ ደጊም ዓለም ኣብ ትሕቲ ቍጽጽርና ክትኣቱ ኣለዋ፡ ብቍጠባ፡ ብቴክኖሎጂ፡ ብወተሃደራዊ ዝውዓደርና ሓይሊ ክህሉ የብሉን፡ ዝብል ሰረተ እምነት (ዶክትሪን) ንዓለምና ኣብ ምንታይ ኣእትዩዋ፧ ሰላም፡ ርግኣት፡ ፍትሒ፡ ዕቤት ከምጽእ ክኢሉ'ዶ፧ እዚ ፍልስፍና'ዚ፡ እንታይ ሳዕቤናት ኣምጺኡ፤ ኣብ እንምዕምግላሉ፡ እቲ ቀዳማይ ሰሪፉ እንርእዮ ናይ ኣመራርሓ ኩነታት እዩ።

ናይ ኣመራርሓ ኩነታት ዓለማዊ ዝተሳቐሉ ሰለስተ ዓመታት ናይ ኣመራርሓ ምንቅልቃል ኢና ክንዕዘብ ጸኒሕና። ብቐጠባ ጥራይ እንተርኢናዮ፡ ኣመራርሓ ኣብዚ እዋን'ዚ ልዕሊ 36 ትሪሊዮን ዕዳ ኣለዎ። እቲ ዕዳ ጥራይ ግን ኣይኮነን ዝልካዕ፡ ኣመራርሓ ናይ ብሉጽ ቁጠባዊ ጸልዋኡ እንታይ ክማስል ይኽእል፤ ትራምፕ በዚ ሰረተ እምነት'ዚ ተደሪኹ ክወስዶም ዘኽእል ስጉምቲታት እንታይ እዮም፧ ኣመራርሓ ደጊማ ዓብይን ሓያልን ክትከውን እንታይ ክትገብር ትኽእል፤ እቲ ትወስዶ ስጉምቲታት'ከ ቅሉዕ ደዩ ጸልዋኡ ዝዕቅ ኣይኮነን - ክዩጋገዩ፡ ስለዚ እቲ ኣብ ኣመራርሓ እንዕዘቦ ዘለና እንታይ'ዩ፧ ኣብ ዝመጽእ ውሑዳት ዓመታት'ከ እንታይ ክንዕዘብ ንኽእል፤ ምስ ምምጻእ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ናብ ስልጣን ኣብ ቀዳማይ እብረ ኮነ ሕጂ እንዕዘቦ ዘለና ኣፍኡዳታት ደርኺቱ እንታይ እዩ፧ ኣመራርሓ ብደረጃ ዓለም ኣበይ ደረጃ ኣላ እንተድኣ ኢልና፡ ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመታት ናይ ኣመራርሓ ስርዓት ሓይሉ እናማህመነ፡ እናላሸወን እናደኸመን እዩ መጺኡ። ካብ ክሊንተን ጀሚርና ሓደ ብሓደ እቲ ምንቅልቃል ከመይ ነይሩ ክንዛረብ ንኽእል ኢና። ቁጠባዊ፡ ቴክኖሎጂያዊ፡ ወተሃደራዊ ሓይሊ ኣመራርሓ ኣብ ምንታይ ነይሩ፤ ሕጂ ኣብ ምንታይ ኣሎ፤ ጽልዋን ተቐባልነትን ኣመራርሓ ብዓለም ደረጃ እንታይ ነይሩ፤ ሕጂ'ኸ፧ ኢልና ኣብ እንዛረበሉ፡ ኣብዚ እኽሊ ቀጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት ንምፍጣር ሓይሊ ኣለዋ ደዩ፧ ናይ ቀደምን ሕጂን ኣውዓደርና ክንርእዮ እንኽለና ቁጠባዊ ሓይሊ ኣመራርሓ እናንቋልቈለ እዩ ዝኸይድ ዘሎ። ብብዙሕ ረቛሒታት፡ ወተሃደራዊ ሓይሊ ወይ ጽልዋ ዝበሃል ከምኡ'ውን ናይ ቴክኖሎጂ ብልጫ እውን ከም ቀደም ኣይኮነን።

ትራምፕ "ማጋ" (Make America Great Again) ዝበሃል ዶክትሪን ሒዙ ምምጽኡ፡ "ኣመራርሓ ዓብይ ኣይኮነትን ወይ ሓያል የላን፣ ስለዚ ሓያል ክገብራ እየ፣ ደጊመ ዓብይ ክገብራ እየ።" ዝብል ኣተሓሳስባ እዩ። ትራምፕ ነቲ ሓቂ ምፍላጡ (recognize ምግባሩ) ጸቢቕ እዩ። እዚ ሰረተ እምነት'ዚ ናይ ሓደ ሰብ ጥራይ ክትብሎ ኣይከኣልን። ኣብ ኣመራርሓ ጸለውቲ ናይ ዝበሃሉ ሰባት ኣተሓሳስባ ዝውክል እዩ። ግን ኣብ ኣመራርሓ እንታይ ከምጽእ ይኽእል፤ ብደረጃ ዓለም ኣይኮነን፤ የዋጽእ'ዶ ኣየዋጽእን፤ ብዙሕ ሕቶታት ክለዓል ይኽእል እዩ።

ትራምፕ እታ ቀዳመይቲ እብረ ስልጣኑ ካብ 2016 ዝጀመረት እንታይ ገይሩ፤ እንድሕር ኢልና፡ እተን ኣርባዕተ ዓመታት ተኸሲረን እየን። ድሕሪኡ ባይደን ስለዝመጸ እተን ዝተበላሸዋ መደባት ክይቀጽላ ተኸልከለን። እዛ ካልኣይቲ እብረ ስልጣን እውን ሓደ ዓመት ተሳዒሉዋ ኣሎ። ሕጂ ተረፈን ዘለዋ ሰለስተ ዓመታት እየን። ኣብዘን ሰለስተ ዓመታት ንኣመራርሓ ዓብይ ክገብራ ክወስዶ ዝኽእል ስጉምትታት እንታይ ክመስል ይኽእል፤ ከም ኣብነት ኣብ ቨንዝዌላ ዝተወስደ ስጉምቲ ክንወስድ ንኽእል። እዚ ስጉምቲ'ዚ ኣብ ቨንዝዌላ ኮነ ኣብ ላቲን ኣመሪካ፡ ብዓለም ደረጃ እውን እንተኾነ እንታይ ጽልዋ ክህልዎ ይኽእል፤ እቲ ከም ምኽንያት ዝቐረበ ናይ ሓሸሽ ኮንትሮባንድ እዩ። ሕጂ ድሕሪ ናይ ማዱሮ ምጭዋይ እታ ጉዳይ ዳርጋ እናቐሃመት ትኸይድ ኣላ። እዚ ጉዳይ'ዚ ኣብ ቨንዝዌላ ጥራይ ዝዕቅብ ኣይኮነን። ካልኦት እውን ኣመታት ዝተዋህበለን ኣለዋ። ግሪንላንድ፡ ካናዳ፡ መክሲኮ፡ ኩባ፡ ኮሎምብያ፡ ፓናማ እዚኣተን ኣብ መስመር ዘለዋ እየን። ደሮ ኣብ ኩባ ምስ ናይ ቨንዙዌላ ተኣሳሲሩ ስጉምትታት ይወሰድ ኣሎ። ኣብዚ ቀረባ እንድሕር መጺኢና እውን ኢራን ኣላ። ስለዚ ኣመራርሓ በዚ ናይ ማጋ ዶክትሪን ወተሃደራዊ ስጉምቲ ክትወስድ ትኽእል እያ እንተድኣ ኢልና፡ ሳዕቤናቱ እንታይ እዩ ክኸውን፧ ናይ ግሪንላንድ ንኣብነት እንተወሲድና፡ ኣብ ደኒማርክን ኤውሮጳን እንታይ ጽልዋ ክገድፍ ይኽእል፤ ንዜቶ ብኸመይ ክጸልዎ፤ ናይ መክሲኮ፡ ካናዳ'ውን እንተድኣ ተደፊኣሉ እንታይ ስእሊ ክህብ ይኽእል፤ ብዋዕበ'ኸ ክኸውን ይኽእል ደዩ፧ እዚ ጉዳያት'ዚ እንድሕሪ ቀጺሉ ዓለማዊ ኩነታት እንታይ'ዩ ክመስል፤ ብዙሕ ሕቶታት ዘለዓዕል እዩ። ጸገሕ ምናልባት፡ ኢራን እተተወቕዓ ኣብዚ ከባቢና እንታይ ከምጽእ ይኽእል፤ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ዝወሰድ ስጉምቲ ምእዳብ በሎ ዝኾነ ስም ሃቦ ሳዕቤኑ እንታይ ክኸውን ይኽእል ምምዕሙ ኣጸጋሚ እዩ።

ኣመራርሓ ሓያል ወይ ዓብይ ንምግባራ ከምዚኦም ስጉምትታት ጥራሕ ዘይኮኑ ካልኦት ዝተወሰዱ ስጉምትታት እውን ኣለዉ። ንኣብነት ናይ ታሪፍ ክንጠቕስ ንኽእል። ዘራይ ናይ ምኽኒን ማለት ከምዚ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ 'ጸዓዱ ይህደኑ ኣለዉ፡ ክርስትያን ኣብ ናይጀርያ ይብደሉ ኣለዉ' ኢልካ ስጉምትታት ክትወስድ ምፍታን ዝዓይነቱ ምውሰዋስ እውን ኣሎ። ካብ ዓለማዊ ውዳበታት ኣብልኖት ኣመራርሓ ምስሓብ፡ ንዝተፈላለያ ሃገራት ብምጉብዕባዕ ከተርዕመን ምፍታን፡ እዚኣቶም ነገበይናም መሳርሒታት (Tools) ሰረተ እምነት ማጋ እዮም። ሓደ ትሸዓተ ዓሰርተ ዝኾኑ ቱልስ ኣለዉ፡ ዛጊት ርኢናዮም ዘለና። ዓራቒ ክትመስል ምፍታን እውን ኣሎ። ከምዚ ናይ ዩክሬንያ፡ ኮንጎ፡ ኣዘርባጃንን ኣርሜንያን፡ ታይላንድ ምስ ካምቦድያ። ብሓቂ እቲ ምዕራቕ ንኣመራርሓ ዓብይ ንምግባራ ደዩ፧ እዞም ዝወሰዱ ዘለዉ ስጉምትታት ኣብ መውዳእታ እንታይ እዩ ዕላማኦም፧

ካብዚ ስጉምትታ'ዚ ዛጊት ተረኺቡ ዘሎ ኣመታት፡ እቲ ቀዳማይ ዕላማ ወይ ሽቶ፡ ባህርያዊ ጸጋታት ምውናን ወይ ምቍጽጻር ምኽኑ እዩ ዘጽርዑ። ናይ ቨንዝዌላ ሃብቲ ነዳዲ ጥራይ ኣይኮነን። ኣብኡ ዘሎ ባህርያዊ ማዕድናት መውዳእታ የብሉን። ኣብ ላቲን ኣመራርሓ ብዓብኡ ዘሎ ናይ ማዕድናት ሃብቲ መውዳእታ የብሉን። ኣብ ኮንጎ ከምኡ። ናይ ማጋ ፖሊሲታት ድራኸኦም እዚ ባህርያዊ ጸጋታት'ዚ እዩ። ናይ ኣመራርሓ ቀጠባዊ ሓይሊ፡ ብዓለም ደረጃ እናደኸመ ስለዝመጽአ፡ ከተሐይሎ ምእንቲ ጸጋታት ንምቍጽጻር ዝውሰድ ዘሎ ስጉምትታት እዩ። ኣብ ነገበይናም ከባቢታት ኣብ ዝመጽእ ሰለስተ ዓመታት'ውን ተመሳሳሊ ስጉምትታት ክውሰዱ ይኽእሉ እዮም። ሳዕቤናቶም እንታይ ክኸውን እዩ፧ ኣብ ውሽጢ እቲ ስጉምቲ ዝወሰደሉ ዘሎ ሃገር ጥራይ ዘይኮነ ኣብቲ ከባቢ፡ ዞባን ኣህጉርን እንታይ ክመስል ይኽእል፤ ብዙሕ ትንታነ ክቐርበሉ ይኽእል እዩ።

ናብ 4ይ ገጽ ይቕጽል





# . . . ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ

ካብ 3ይ ገጽ ዝቐጸለ

ኣብ መውዳእታ እቶም ቀንዲ ዝጥመቱ ዘለዉ መን እዮም እንተድኣ ኢልና ቻይናን ሩሲያን እዮም። ኣብ ግሪንላንድ ይኹን ኣብ ቨንዙዌላ እንተደኣ መጺእና ቻይናን ሩሲያን እዮም ዝጥመቱ ዘለዉ። ኣመሪካ ዓባይ ክትከውን ምእንቲ፡ ቀድም ንቻይናን ንሩሲያን ክትቈጻጸር ኣለካ፤ ካልኦት'ውን ኣይትቈጻጸርን ማለት ኣይኮነን። ኣብ እሲያ ብዓል ህንዲ፡ ፓኪስታን፡ ጃፓን፡ ኮርያ፡ ኢንዶነዥያ እውን ክትቈጻጸር ትደሊ። ዋላ መሻርኽትኻ ሰብ ኪዳንካ፡ ኣብ ኔቶ ዘለዉ እውን ክትቈጻጸሮም ኢልካ ትሓስብ። ኣብ ኤውሮጳ ብዓል ፈረንሳ፡ ጀርመን፡ እንግሊዝ'ከ ብናይ ማጋ ዶክትሪን ከመይ እየን ዝጥመታ፤ ማጋ ምእንቲ ክሰርሕ ምስኣተን ዝድለ ዝምድናታት ወይ ኪዳን ወይ ኣንጻረን ክውሰድ ዘለዎ ስጉምትታት እንታይ እዩ፤ ብናይ ማጋ ዶክትሪን ኤውሮጳ ንርእሱ ታርጌት እዩ። እዚ ናይ ታሪፍን ቀረጽን ዝበሃል ፖሊሲታት፡ ቀንዲ ዕላማኡ ምቍጽጻር እዩ። ብዞዕባ ፍልሰት ዘሎ ፖሊሲታት ንጕዳእ ርእሱ ንኣመሪካ ኩናትም ዝጸንሐ ተርእዮታት ንምውጋድ ተባሂሉ ዝውሰድ ዘሎ ስጉምቲ እዩ።

ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ወይ ሃገራት ከምዚ ዓይነት ስጉምትታት ክውሰድ ከሎ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሃገር ኮነ ከባቢ ክህሉ ዝኽእል ግብረ መልስታት ኣሎ። ብዙሓት ካብቶም ዛጊት ዝረኣናዮም ስጉምትታት፡ ትንክፍ ግድፍ እዮም ጺሒሖም። መሀደዲ ድዩ መርዓሚ፤ መቈጻጸሪ ድዩ መፈራርሒ፤ እቲ ስጉምትታት ብጾቡእ ተሓሲቡሉ ድዩ፤ ቀጻልነት'ከ ክህልዎ ድዩ፡ ወይስ ንግዜኡ ከም መጕላዕበዲ ተጠቒምካ ትም ምባል እዩ ንጹር ኣይኮነን። ኣብዚ ከባቢና መጺኡና እንድሕር ደኣ ርኢና፡ ናይ ቃዛ፡ ሶማል፡ ሱዳን ኢትዮጵያ ጉዳይ ኣሎ። ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ናይዘን ብኡዳዲ ሃብታማት ዝኾና ጎረባብትና ሃገራት ጉዳይ ኣሎ። ብናይ ማጋ ፖሊሲታት እዚኣተን ከመይ እየን ዝጥመታ፤ ኑቲ ምዕራፍ ጸቡቕ ገይርና ክነንብቦ መታን ክንክእል ድማ፡ ናይ ሓደ ሓይሊ ወይ ወገን ኣካይዳ፡ ሽቶታት፡ ስጉምትታት ጥራሕ ኣይኮነን ክንዕቅን ዘለና። ብመንጽሩ'ኸ ካልኦት እንታይ ይገብሩ ኣብ ግምት ክኣቱ ዘለዎ እዩ።

ኣብ መውዳእታ ብዛዕባ ግሎባዊ ወይ ዓለማዊ ስርዓት ምሕደራ ክንዛረብ እንተኾንና፡ ካብዚ ዝጸንሐ ናይ ዝሓለፈ ኩናትን እንኮ ቀጽራዊ ዓለምን ዝበሃል ኣተሓሳስባታት ወጺእና፡ ዓለም ብፍትሒ ብርትዓዊ ዝኾነ ዝምድናታት ክትጎብር ክትክእል ኣለዋ። ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ኣብዚ ሰማንያ ዓመታት ዝተራእየ ዝምድናታት ግን ናብዩ ገጹ ከምርሕ ይኽእል ምግማቱ ዘሸግር ኣይኮነን። ሓድሽ ምህዞ ኣይኮነን። ባህጊ ህዝቢ ዓለም ብሰላም ምንባር እዩ። ሰብ ብሰላም ብኽብረት ክነብር፡ ፍረ ረሃጹ ብፍትሒ ብርትዒ ክረኽብ፡ ንሓድሕዱ ተኸባቢሩ ክነብርን ክተሓጋገዝን ብጥምረት ሸግራቱ ክፈትሕ እዩ ዝደሊ።

ብምግናጽን ብምፍርራሕን ብምምንዛዕን ቀሲኑ ክንብር ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ሓድሽ ዓለማዊ ስርዓት ክመጽእ እንተኾይኑ፡ ከምዚ ዓይነት ባይታ ዝፈጥር ክኸውን ኣለዎ። እንተዘይኮነ ዓለም ቀሲና ክትነብር ኣይትኽእልን እያ። ናይ ህዝቢ ዓለም ድሌት ብዙሕ ፍተሻ ብዙሕ ሊቃነት ዝድልዮ ኣይኮነን። ቀሊል እዩ። ከምኡ



ዓይነት ምንብባር ስለዘየለ'ዩ ዓለምና ርግኣት ዘይብላ እትኸውን ዘላ። ኣብ ኩሉ ከባቢታት ዘሎ ናይ ሰላም ስእነት ብከምዚ ዝኣመሰለ ፖሊሲታት ዝመጸ እዩ።

ከምኡ ዓይነት ሰላማዊ ዓለም መዓስ ብኸመይ ክመጽእ ይኽእል እንተድኣ ኢልና፡ እዚ ሕጂ ዘለናዮ መድረኽ ናይ ምሕቋን ግዜ'ዩ። ናይ ምስግጋር (transition) መድረኽ እዩ። እዚ መድረኽ እዚ በዚ ዘሎ ተርእዮታት ብሓቂ ናብ ቅኑዕ ጎደና ከምርሕ ይኽእል ድዩ፤ እዚ ዝውሰድ ዘሎ ስጉምትታት መሊሱ ኑቲ ጉዳይ ይሓላልኾ'ዶ ኣይሓላልኾን ወይስ ንቕሓት ናይ ሰብ ኣሐዩሉ፡ ናብቲ ሓድሽ ዓለማዊ ስርዓት ከምርሕ ይኽእል፤ ናይ ኣመሪካ ቦታ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብዓለም ደረጃ ክስዕቡ ዝኽእሉ ምዕባለታትን ናቶም ጽልዋ ኣብ ቡበበይኑ ከባቢታትን ሃገራትን እውን ዓቢ ግደ ኣለዎ። ቻይና እንታይ ትገብር ኣላ፤ ሩሲያ፡ ህንዲ፡ ብዓል ጃፓን ኮርያ፡ ፓኪስታንን ማለዥያን፡ ካልኦት ናይ እሲያ ሃገራትን እንታይ ይገብራ ኣለዋ፤

ኣብ ኤውሮጳ ዘሎ ኩነታት ንባዕሉ ሓደ ዓቢ ኣሰካፊ ጉዳይ እዩ። ክትዛረበሉ ግዜፍ ምዕራፍ እዩ። ናይ ዩክሬንያ ጉዳይ ጥራይ እንተርኢናዮ፡ ኣብኡ ዘሎ ናይ ኔቶ ቅልውላው መውዳእታ የብሉን። ኔቶ ኣብ ከቢድ ቅልውላው'ዩ ዘሎ። ኣሎ ኢልካ ክትዛረብ'ውን ዘድፍር ኣይኮነን። ኤውሮጳዊ ሕብረት እውን ብተመሳሳሊ። ስማዊ ህላወ እንተዘይኮይኑ ጽልዋ ክገብር ኣብ ዝኽእል ኩነት ኣለዉ ክበሃል ኣይከኣልን።

በዚ ናይ ማጋ ዶክትሪን ኣመሪካ ኣብ ቨነዝዌላ፡ ኣብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኮንጎ፡ ኣብ ኤውሮጳ ዩክራንያ፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ፍልስጤም ከምዚን ከምትን ትገብር ኣላ ክበሃል እንከሎ፡ እተን በቲ ሓደ ወገን ስጉምቲ ክወስዳ ዘለወን'ከ እንታይ ይገብራ ኣለዋ፤ ኢልና እንተድኣ ሓቲትና፡ ዛጊት ብዘይካ ተረር መግለጺታት ምውጻእ ዝገበራኦ ነገር የለን። ማዕረ ቦታኤን ስጉምትታት ይወስዳ ኣለዋ ክበሃል ኣይከኣልን። ስምዒታዊ ወይ ባዕላዊ ትንታነ ዘይኮነ ንሳተን ክገብራኦ ዝኽእላ ነገራት ነይሩ እዩ። በቲ ኮይኑ በቲ ኣብ መውዳእታ እዚ ዝኸይድ ዘሎ ምዕባለታት ናብዩ ገጹ ከምርሕ ይኽእል፡ ዓለም እንታይ እያ ክትከውን እዘን ሰለስተ ዓመታት ምስ ተወድኣ ክንርእዮ ኢና። ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ ግን ኣብ ምስግጋር ኢና ዘለና። እዘን ዝመጻ ሰለስተ ዓመታት ካብ ሓደ ንኣሰ ክፋል ናይቲ ምስግጋር እየን። ድሕሪኡ ንዝመጽእ ክንከታተሎ ምእንቲ ድማ፡ ነዘን ሰለስተ ዓመታት ሓደ ብሓደ ክንከታተለን ክንክእል ኣለና።

ኣብዚ ናይ ምስግጋር መድረኽ ዘይፍለጡ ረቛሒታት ወይ ተቐያየርቲ (variables) ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። ምኽንያቱ ትራምፕ ብዶክትሪን ናይ ማጋ ክወስዶም ዝኽእል ስጉምትታት እዚኦም እዚኦም እዮም ኢልካ ብልክዕ ክትዛረብ ዝከኣል ኣይኮነን። ብዞዕባል ወይ ጥንቀላ ክትዛረብ ኣይትኽእልን። ተንቲንካ ኣረጋጊጽካ ክትዛረበሉ ዘለካ ጉዳያት እዩ። ኣዝዮም ተኣፈፍቲ ዝበሃሉ ዓለማውን ዞባውን ጉዳያት እንታይ እንታይ ክመስሉ ይኽእሉ፤ እቶም ክመጽኡ ዝኽእሉ ሰነያሮታት ናይ ነፍሲ ወከፎም ክዉንነት ኩተረጋገጽ ምእንቲ ምሰቲ ኣብ ባይታ ዝመጽእ ምዕባለታት ኣዛምድካ ክትርእዮም ኣለካ።

ዓለማዊ ኩነታት ብወድዓውነት ከነንብቦን ክንግምግሞን ዘድልየና ምኽንያት ውጥናትና መደባትና ክንሰርዕ ማዕረኡ ምድላዋትና ክንገብር፡ ማዕረኡ ዘድልየና ጸጋታት ክነኮሳኵስ ምእንቲ እዩ። ነዚ ዝጠቐስኩዎ ከም ድሕረ ባይታ ወሲድና፡ ኣብ ኣፍሪቃ እንታይ ጽልዋ ክህልዎ ይኽእል፤ ክንግምት ንኽእል ኢና። ብደረጃ ዓለም ዘሎ ኩነታት ክንግምግም ከለና ኣፍሪቃ ኣብቲ ምዕራፍ ኣላ ክበሃል ኣይከኣልን። ሓቂ'ዩ ኣፍሪቃ ጸጋታት ኣለዋ። ሱሳ ሚእታዊት ናይ ዓለም ጸጋታት ኣብ ኢዱ እዩ ዘሎ። በዚ ዘለዎ ኩነታት ግን እዚን እትን ክገብር ይኽእል'ዩ ኢልና ግን ክንዛረብ ኣይንኽእልን። ምኽንያቱ፡ ኣብ ኢንዱስትሪያውነት ዘይተሰጋገረ፡ ድሕሪ ኩሉ ተሰሪዑ፡ ተዋሲኑ ዝቡብር ዘሎ ክፍሊ ዓለም እዩ። ኣብ ውሽጢ ከምዚ ዝኣመሰለ ዓለማዊ ምዕባለታት ዝህልዎ ምውሳእ ካኣ ኣዝዩ ዝተደረተ'ዩ። ዝሓየለ ክኸውን ባህጊ ናይ ኩልና እዩ። ብግብሪ ግን፡ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ተገላባጢ ናይ ዓለም ኩነታት ኣፍሪቃ ግደ ኣለዋ ክበሃል ኣይከኣልን። እቲ ዘሎ ኣቃውማታት እውን ድኹም እዩ። ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ኢኮዋስ፡ ኢጋድ ወዘተ. ዝበሃል ዞባውን ኣህጉራውን ጥምረት እውን እንተኾነ እዝን እትን ክገብር ይኽእል'ዩ ትብሎ ኣይኮነን። ኣዝዩ ኣጸጋሚ እዩ።

ካብኡ ናብኡ፡ ኣብ ዞባና መጺእና ክንዛረብ እንተኾንና፡ ቀርኒ ኣፍሪቃ ጥራይ ዘይኮነ፡ ቀይሕ ባሕሪ፡ ወሽመጥ ዓረብ፡ ሰሜን ምብራቕ ኣፍሪቃ፡ ብናይ ልምዓት መለክዒታት ዝተዋሰነ እኳ እንተኾነ፡ ኣዝዩ ስትራተጅያዊ ቦታ ስለዝኾነ፡ ብምኽንያት ጅኦስትራተጅያዊ ኣገዳስነቱ፡ በቲ ዘሎ ዓለማዊ ምዕባለታት ክጽሎ ዝኽእል እዩ። ዕቑር ጸጋታቱ እውን ቀሊል ኣይኮነን። ቀይሕ ባሕሪ እንድሕር ኢልና ዘይንዓቕ ኣገዳስነት ዘለዎ ዞባ እዩ። ቀርኒ ኣፍሪቃ ብተመሳሳሊ። ማእከላይ ምብራቕ፡ ወሽመጥ ዓረብ እንተኢልና ምስ ኩሉ ጸጋታቱ ቀሊል ግደ ኣይኮነን ዘለዎ። ስለዚ ኣብ'ዚ ጎደቦ'ዚ እንታይ እንታይ ጽልዋታት ክህሉ ይኽእል ንዑብ ዘድልዮ እዩ። ድሮ ተወሲዶም ዘለዉ ስጉምትታት



ምምሕዳር ትራምፕ እንታይ ኣመታት ይህቡ ኣለዉ፤ ብሓፈሻኡ'ኸ እንታይ ጽልዋ ከምጽኡ ይኽእሉ፤ እዘን ሃገራት ከባቢና ንጕዳእ ርእሰን ኑቲ ዓለማዊ ምዕባለታትን ዝምድናታትን ከመይ ይርእዮኦ ኣለዋ፤ ኣብቲ ምዕራፍ እንታይ እንታይ ኣበርክቶ ክገብራ ይኽእላ እንተ ኢልና፡ ናቱ ዝርዝራት መውዳእታ የብሉን።

ኣዚ ኩሉ ሰሪዕና፡ ኣዚም ዝመጽኡ ዘለዉ ሰለስተ ዓመታት እምበኣር፡ ጉዳያትና፡ ምስ ዝተፈላለየ ኣርእስትታት፡ ብቐንዱ ምስ ልምዓት ምስ ርግኣትን ሰላምን ኣተኣሳሲርና ብጾቡእ ክንግምግሞ ኣለና። ናይ ዓለም ምዕባለታት ጽልዋኡ ብቐጥታ፡ ናባናን ዞባናን እንታይ ክመስል ይኽእል ምኽታታል ዘድልዮ እዩ። ናይ ኣፍሪቃ ንግዜኡ ጎሲናዮ ክንከይድ ንኽእል ኢና፤ ብዙሕ ዘይተፈልጠ ረቛሒታት'ውን ስለ ዘለዉ። ኣብ ከባቢና ግን እንታይ ከምጽእ ይኽእል፡ ብፍላይ ንዓና ፖሊሲታት ክንሰእል ጥራይ ዘይኮኑ፡ ፖሊሲታትና ኣመዓራሪና መደባትና ክንሰርዕ፡ ውጥናትና ከለውጽኡ፡ ብቐንዱ እዚ ምዕባለታት'ዚ ዝህልዎ ጽልዋ ክንርእዮ ክንክእል ኣለና። ጽልዋታት ከነንብብ እንከለና ድማ፡ ተወጢጥና ተወጢጥና ናብ ኣመሪካን ትራምፕን ጥራይ ክንጥምት የብልናን። ምኽንያቱ፡ መኣዝንና ከስሕተናን ኪጋጊየናን ስለዝኽእል። ስለዚ፡ ምስቲ ኣብ ሚድያ ዘሎ ኣጽማሚ ኣቀራርባታት ሕሳቡትካ ክትገብር ምእንቲ፡ ኑቲ ካልእ ጎድንታት፡ ብጾቡእ ክትርእዮ ስለ ዘለካ፡ ናብኡ ጥራይ ከየጋገና፡ ኑቶም ካልኦት እውን ክንርእዮም ክንክእል ኣለና።

እቲ ኣቐዲመ ዘምጻእኩዎ፡ ብዘይካ ኣመሪካ፡ እተን ካልኦት ሓያላት ወይ ጉብላላት ዝበሃላ እንታይ ክገብራ ይኽእላ፤ ዞባውያን ዝበሃላ ጉብላላት እንተ ሃልየን እንታይ ተራ ክጻወታ ይኽእላ፤ ብፍላይ ናብ ዞባና እናቐረብና እንተመጺእና፡ እዚኣን ተረፈን ዘለዋ ሰለስተ ዓመታት ናብዩ ገጸን ከምርሓ'የን ቀሲዩ ኢልና ክንርእዮ ኢና። ኣብቲ ናትና ዲፕሎማሲ ምስ ኣመሪካ ዝብል ኣርእስቲ እውን ክንዛረበሉ ንኽእል ኢና። ግን እዚ ናይ ኣመሪካ ጉዳይ ንብይኑ ክውጥጠና የብሉን። ዓሰርተ ግዜ ዝደጋገም ዘሎ፡ ድራማቲክ ዝኾነ ኣቀራርባታት ይግበረሉ ስለ ዘሎ፡ ስሕቡት ስለ ዝፈጥር፡ ንቅኑዕ ወይ ወድዓዊ ኣናብባ ኣይሕግዘን እዩ። ስለዚ፡ ወድዓዊ ኣናብባ ክህንብብ እንተኾንና፡ ህድእ ኢልና፡ ዝኢ ኣደናቒ ወይ ኣዝዩ ድራማዊ ዝኾነ ኣቀራርባታት ጎሲናዮ መንገድና ሒዝና ክንከይድ ኣለና። እዚ ናይ ዓለም ኩነታት ከምዚ ኮይኑ፡ ኣመሪካ ከምዚ ገይራ፡ ቻይና፡ ሩሲያ፡ ኤውሮጳ ከምዚ ይገብራ ኣለዋ . . . ዝበሃል፡ ኣብ ቦታኡ ኣብ መቓን እንተ ሓዚናዮ ጥራይ'ዩ ጸቡቕ። ዕዮ ገዛና ክንገብር ምእንቲ፡ ዝያዳ ኣብ ውሽጥና ኣብ ዘቤታዊ ኩነታትና፡ ኣብ ናይ ከባቢና ኩነታት እንተ ኣተኰርና ዝበለጸ'ዩ። እዚ ማለት ግን፡ እቲ ዓበይቲ ዓበይቲ ዓለማዊ ኩነታት ኣይጽልወናን'ዩ ንዒቕናዮ ንኸይድ ማለት ኣይኮነን፤ ንሱ ኣብ ቦታኡ እንከሎ ብቐንዱ ግን ናብ ጉዳይና ኢና ከተድህብ ዘለና።

**ይቕጽል . . .**

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ዓሰብ ኣካል ኣቢሲንያ ኮይና ኣይትፈልጥን

ByRed Sea Beacon
21 ታሕሳስ, 2025

ብዴቪድ የህ

ዝደጋገም ዘረባ ከም መርትዖ ድንቁርና ከኣ ከም ታሪኽ ኣብ ዝቖጻረሉ ዘሎ ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ስም 'ዓሰብ' ተደጋጊሙ ክርቋሕ ንሰምዕ ኣለና። ካብ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ጀሚርካ፡ ክሳብ እቲ ዓሰብ ወይ ኤርትራ ኣበይ ከም እትርከብ ኣብ ካርታ ከመላኽት ዘይክእል ዝተሓተ ሓሽከር ሰልፊ ብልጽግና፡ ንዓሰብ 'ዝተወሰደት ናይ ኢትዮጵያ ንብረት' ዝብል ተለጣፊ ሽም ክውስኹሉ ህርድግ ይብሉ ኣለው። እቲ ብዘመላለስ ናይ ቀትሪ ሕልሚ ዝጀመረ ሃተፍተፍ 'ባህር ዳርቻ'፡ ዓሰብ እትርከቦ ወሰን ባሕሪ ጉምጉም ቀላይ ጣና ክኸውን ዝመስል ዘጋጽም ይመስል።

ናይዚ ልብ ወለድ ደፋሪ ሓይሊ፡ ስግውያን ምሁራት ኣባላት ሰልፊ ብልጽግና ብድርቅና ዝመዝዙዎ፡ ዓሰብ ናይ ሸዋ ንጉስ ምኒሊክ ከይፈለጠ ናብ ኢጣልያዊ ኩባንያ ሩባቲኖ "ብምስጢር ተሸይጣ" ዝብል ትረኻ እዩ። እዚ ዛንታ እዚ ሓሶት ከም ዝኾነ ብተደጋጋሚ እኳ እንተተገልጸ፡ ካብ መጻሕፍቲ ሰልፊ ብልጽግና፡ ካብ ጸሓፍቲ ምሁራት ኢና በሃልቲ፡ ካብ ትንተና መራኸቢ ብዙሓንን ተወኪሱ ብዙበሉ ኣብ ክንዲ ሓቀኛ ታሪኽ ብዮገዚያዊ ሓሶት ዝዕወቱ ዝመስሎም ወገናት ክጥቀሙሉ ይህቅኑ ኣለው።

መዋቕዒቲ ታሪኽ ምስ ዝፍተሽ ግና እዚ ሓሶት እዚ በኒኑ እዩ ዝተርፍ። ማዕረ እቲ "ኣብ የሩሳሌም ዝነበረ ታቦት እግዚኣብሄር ኣምላኽ ተሰሪቑ ናብ ኢትዮጵያ ተወሲዱ" ዝብል፡ "ንግስቲ ምድሪ ሳባ (የመን) ኢትዮጵያዊት እያ" ዝብል፡ "ንግስቲ ምድሪ ሳባ ካብ እስራኤላዊ ንጉስ ሰሎሞን ዝወለደቶ ቀዳማዊ ምኒሊክ ኣብ ኢትዮጵያ ናይ ሰሎሞናውያን ሓረግ ንግስነት መስሪቱ" ዝብል፡ "ቅድስቲ ማርያም ኣደ ጎይታና የሱስ ኢትዮጵያዊት'ያ" ዝብል ፖለቲካውን ሃይማኖታውን ጸወጸዋያት ዝጽብጸብ እዩ። እዚ ልብወለድ ታሪኻት'ዚ ከይቀዛመ ነዊሕ ክቕጽል ዝገበሮ ሓቀኛ ስለ ዝኾነ ዘይኮነስ፡ ኣብ ሰብት ዝሎ ሃጓፍ ፖለቲካዊ ባህግን ስነ ኣእምሮን ስለ ዝመልኦ እዩ።

ኣብዚ ሕጂ እዋን ንዓሰብ እውን ናብዚ ብሃተፍተፍ ሕልሚ ቀትሪ ዝደጋገም ሓሶት ከም ናይ ፍልጠት ምልክት ዝምስርሕ ዓንኬል ያታዊ ጸወጸዋይ ክውስኹዋ ይፍትኑ ኣለው። ዓሰብ ናይ "ኢትዮጵያ ነይራ" እናበሉ ብዋውታ ብምጭዋር ከም ተሓላቕቲ ጉብለላት ደሚቖም ዝረኣዩ ዘለዉ ከም ብዓል ኣብይ ኣሕመድ ዓሊ፡ ጭቢ ደበሌ፡ ብርሃኑ ጁላን፡ ኣብዱላ ገመዳን ቀዳሞት መራሕቲ ኣበሲንያ ከም ኢትዮጵያውያን ካብ ዘይቆጽርዎም ማሕበረሰባት እዮም። ደጋሲ ሰዩቱልም እናተባህለ ናይ ዝጸዋዕ ተብዩልቲ ንሁዓሊኦም ናይ ዝሕለቒሉ ስነ ኣእምሮ ጸቡቕ ኣብነት ከም ዝኾኑ ገይርካ ድማ ምውሳዶም ይከኣል።

ኣብ ፍልልያት ኣፋዊ ታሪኽ ከም ዝፍጠር ክትዕ ተገይሩ ክውሰድ ዘይብሉ፡ ብመንጸር ዝተሰነደ ታሪኽ፡ ዓመታት ብንጹር ዝምስክርን ዝረትዕን ሓቂ ክቐርብ ኣለዎ። ታሪኽ ይምስክር ብሓቂ ከኣ ፍርዲ የሕልፍ። "ብዘይ ኣፍልጦ ምኒሊክ ምስ ሩባቲኖ ዝተኻየደ መሸጣ" እናተባህለ ዝደጋገም ቃል ኣማሪጺ ትርጉም ዝደሊ ንኽትዕ ዝቐርብ ሓሳብ ዘይኮነስ ብኣካዳሚያዊ ኣልባሳት ተኸዲኑ ከም ሓቂ መሲሉ ንህዝቢ ዝቐርብ ወጹእ ልብወለድ እዩ።



### ተበግሶ ሳፔቶ፡ ዓሰብ ከመይ ናብ ታሪኽ መግዛእቲ ኢጣልያ ኣትያ

ከምቲ ፕሮፌሰር የማ ምስዮና ኣብ 1988 ንመግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ ዝምልከት ኣብ ዘዳለዎ መጽሓፍን ዘምህረት የሃንስ እውን "ኢጣልያዊ መግዛእቲ ኣብ ኤርትራ" ብዝብል ኣርእስቲ ኣብ 2010 ዘሕተሞ መጽሓፍን፡ ባዕዳዊ ምትእትታው ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ፡ ምስ ጁሰፔ ሳፔቶ ዝተተሓሓዘ እዩ። ዜግነቱ ኢጣልያዊን ኣባል ስርዓት ሃይማኖት ማሕበር ላዛርን ዝኾነ መነኩስ ሳፔቶ፡ ኣብ ተልእኾ ሃገሩ እውን ከም ሰላዪ መግዛእቲ ኮይኑ የገልግል ነበረ።

ቀይሕ ባሕርን ማእከላይ ባሕርን ዘራኽብ ኣብ መትረብ ስወዝ ዝካየድ ዝነበረ ኩዕታ ዳርጋ ኣብ መፈጸምታ ደብጺሑ ኣብ ዝነበረሉ እዋናት፡ ሳፔቶ መራኽብ ኢጣልያ ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ዘዕርፋሉ ነቑጣ ከም ዘድልየን ክዕዝብ ጀሚሩ። ንንጉስ ኢጣልያ ቪቶርዮ ኢማንወልን ንሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢን ሓቢሉ ድማ ኣገዳስነት መዕረፍ መራኽብ ክኣምኑ ገበሮም። ኣብ ቀውዒ 1869 ከኣ ሳፔቶ ምስ ሚኒስተር ሓይሊ ባሕሪ ኣድሚራል ኣክቶን ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ቦታ ክመርጽን ክዕድግን ተላኢኹ።

ኣብ 15 ሕዳር 1869 ሳፔቶ ምስ ሱልጣን ኢብራሂም ቢን ኣሕመድን ሓዉ ሱልጣን ሓሰን ቢን ኣሕመድን ናይ ዕድጊ ውዕል ብምኽያድ ኣብ መንጎ ኩጆት ጋንጋን ራስ ሉማሕን ኣስታት 18 ርቡዕ ኪሎሜተር ዘሎ ቦታ ብ6 ሽሕ ማርያ ተሬሳ ባጤራ (ኣስታት 47 ሽሕ ሊረ ጥልያን) ክዕድግ ተሰማሚዖ። ካብዚ 4 ማእታዊት ጥራይ ከም ዕርቡን ምስ ተኸፍለ ዝተረፈ ገንዘብ ከምጻእ ሳፔቶ ናብ ኢጣልያ ተመሊሱ። ዓሰብ ናብ መጻብቦ ባብ ኣልመንደብ ኣዝዩ ዝቐረበት ከም ምኳና ካብ ካልኦት ኣብቲ መስመር ዝነበራ ነቑጣታት ተመራጺ ኣቀማምጣ ነይሩዋ። እቲ ዕድጊ ምእንቲ ክፍጸም፡ መንግስቲ ኢጣልያ ወናኒ ኩባንያ መራኽብ ንዝነበረ ራፋኤለ ሩባቲኖ እቲ ዝተረፈ ገንዘብ ከም ዝኸፍሎ ገበሩ። እቲ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ዝተጠርየ መሬት ብሽም ሩባቲኖ ደኣ ይኹን እምበር ስለ ሃገራዊ ረብሓ ኢጣልያ ዝተሓዝአ እዩ ነይሩ። ካብዚ ሓደሽ ዋንነት እዚ እያ ድማ ዓሰብ ከም ወደብ ክትዓቢ ዝጀመረት።

ኣብ 1882 ሩባቲኖ ብመሰረት ናይ 19 ክፍለ ዘመን መግዛእታዊ ልምዲ፡ ንጹር ብዘኾነን ብዝተሰነደ ኣገባብን ንዓሰብ ብወግዒ ናብ ንግስነት ኢጣልያ ኣመሓላሊፉዋ። እዚ ምስጋገር እዚ፡ ኢጣልያ፡ ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ባዕዳዊ ግዝኣት ክትሕዝ ዝበራ ዕላማ ዘጸረ እዩ ነይሩ።

ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ግብጺ ንዝነበረት ባጽዕ ሓይልታት ኢጣልያ ኣብ 1885 ተቖጻጺሮማ። ክሳብ 1889 ኣብ ዝነበረ ግዜ ድማ ንኣስመራ ሐዚሞሰ፡ ሩባታት መረብ፡ በለስ፡ መና ምስ ኣበሲንያ ዘዋሰን ዶባት ከም ዝኾነ ኣሕጺሮም ነይሮም።

ኣብ 1 ጥሪ 1890 ኢጣልያ ንባጽዕ ከም ርእሲ ከተማ ገይራ፡ ኣብ ኣፍሪቃ 'በኹሪ' ኮሎንያ ከም ዘጥረየት ብወግዒ ኣዊጃ። ብዓረብ 'ባሕር ኣልኣሕመር' ብላቲን 'ማረ ኣሪትርያን' ካብ ዝብል ኣጸዋውዓ ባሕሪ ኤርትራ (ቀይሕ ባሕሪ) ተበጊሳ ኢጣልያ ነታ ግዝኣት 'ኤርትራ' ብምባል ሰይማታ። ብልቓሕ ዝተረኽበ ሽም ኣይኮነን። ካብዚ እዋን'ዚ ጀሚሩ ከኣ ኤርትራ ኣብ ታሪኽ ከም ፍልይቲ ፖለቲካዊት ኣካል ተመስሪታ። ኣብ 1900 ከኣ ርእሲ ከተማ ኤርትራ ናብ ኣስመራ ተቐይሩ መቓናት ምምሕዳር ባዕዳዊ መግዛእቲ ጸንዐ።

### ብታሪኽን ቦታን ዝተሳዕረ ልብወለድ ምኒሊክ

ኣብ ዓሰብ ዝተኻየደ ትውፊት ሃጼ ምኒሊክ ቅድሚ ምንጋሱ ብኣስታት ዕስራ ዓመት ይቕድም። ዓሰብ ብጠላይን ዝተጠርየትሉ ግዜ ምስ ምኒሊክ ንምትሕሓዝ ዝግበር ሰኣን ፍልጠት ዘይኮነስ ኮነ ኢልካ ዝመሃዝ ሓሶት እዩ። ብግዜ ዘይራኽብ ብታሪኽ ከኣ ምስክርነት ዘይብሉ ሓሶት እዩ።

ጁሰፔ ሳፔቶ ኣብ 1869 ንዓሰብ ክዕድግ እንከሎ፡ ሃጼ ኢትዮጵያ፡ ዮሃንስ ዳግማዊ ተኸለጊዮርጊስ ብዝብል ናይ ንግስነት ሽም ዝነገሰ ብዓል ላስታ፡ ዋግሹም ጎበዜ እዩ ነይሩ። ካብ 1868 ክሳብ 1871 ንሰለስተ ዓመት ዝነገሰ ተኸለጊዮርጊስ ብበዓል ተምቤን ካሕሳይ ምረጭ ተተኪኡ። የሃንስ 4ይ ብዝብል ናይ ንግስነት ሽም ሃጼ ዝወሰደ ካሕሳይ ምረጭ ካብ 1871 ክሳብ 1889 ኣብ ኣበሲንያ ነጊሱ። ኣብቲ እዋን'ቲ ሳህለማርያም እናተባህለ ዝጽዋዕ ዝነበረ ምኒሊክ ገና ኣብ ማዕከላዊ ዓዱ ኣብ ሸዋ ሓይሊ ይኣኻኽብ ነይሩ። እምበር ክሳብ 1889 እውን ናብ ዘፋን ንግስነት ኣይደየበን። ምኒሊክ፡ ኣብ መጀመርታ ኣብ ትሕቲ ተኸለጊዮርጊስ፡ ዳሕራይ ድማ ኣብ ትሕቲ የሃንስ ተገዚኡ እዩ። ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ፖለቲካዊ ይኹን ወተሃደራዊ ወይ ዝኾነ ሕጋዊ ስልጣን ክህብሮ ድማ ኣይክእልን።



ጠላይን ንዓሰብ ክዕድጉ ከለዉ ካብ ባጽዕ ክሳብ በርበራ ዝዘርጋሕ ገማግም፡ ብዘይካ'ቲ ሓሓሊፉ ዝነበረ ነቑጣታት ቱርኪ፡ ኣብ ትሕቲ ግብጺ እዩ ነይሩ። ኣበሲንያ፡ ከኣ ኣብ ዓሰብ ዝኾነ ዋንነት ክህብራ ኣይክእልን። ምኒሊክ ሃጼ ኮይኑ ክነግስ እንከሎ መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ ደልዲሉን ደቡባዊ ወሰን መረብበለሱ መና ከኣ ጸኒዑ ነይሩ። ዓሰብ ናይ ምኒሊክ ኮይና ኣይትፈልጥን። ምኒሊክ ስለዘይውንና ድማ ከይፈለጠ ብምስጢር ተሸይጣ ክበሃል ኣይክኣልን።

ስግር መረብ ዘሎ ቦታታት መቐጸልታ ግዝኣቱ ከም ዘይኮነ እቲ ህዝቢ እውን ኣበሲንያዊ ዘይምኻኑን ምኒሊክ ኣጸቢቑ ይርድኦ ምንባሩ ናይ ሽዑ ሰነዳት ብዘየወላውል ይምስክሩ። የሃንስ 4ይ ምስ ሞተ፡ ምኒሊክ ካብ ኢጣልያ ብዝዓደጎ ኣጽዋር ሓይሉ ስለ ዝበረ፡ ኣብ ካልኦት ግዝኣታት ኣምሓራን ኣብ ጎጃምን ትግራይን ሃረርን ንዝተላዕለ ተቓውሞ ክስዕሮ ክኢሉ። ኣብ ደቡብ ንዝነበሩ ዓሌታት ኦሮሞ ከኣ ኣንበርኪኹዎም። ሕመረት ናይቲ ክንደህሶ ዝጸናሕና ሰነዳት ኣብዚ ምዕባለታት እዚ ክንኣስሮ ንኽእል ኢና። ምኒሊክ ኣበሲንያ ዝተቖርጸትሉ ወራራት ክካይድ ከሎ፡ ዓሰብ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኢጣልያ እያ ነይራ።

ከም ጭቡጢ ዘገልግሉ ሰነዳትን ግዜን ከይነጸገ፡ ብዛዕባ ምኒሊክን ዓሰብን ዝመሃዙ ትረኻታት ሓሶት ክቕጽል ኣይክእልን። ታሪኽ ግና ንፖለቲካዊ ሃንቀውታ ኣይንበርከኽን። ዓሰብ ናይ ኢትዮጵያ ኮይና ስለ ዘይትፈልጥ ካብ ኢትዮጵያ ኣይተወሰደትን። ምኒሊክ ከይፈለጠ ኣይተሸጠትን። ዓሰብ ብዝበኡ ዝተሰነደ ናይ ዋንነት ታሪኽ ኣለዋ። ኣበሲንያ ኣብ ልዕሊ ዓሰብ ልኡላውነት ስለ ዘይነበራ፡ ንዓሰብ ዝምልከት ካብ ኣበሲንያ ፈቓድ ምሕታት ኣየድለየን። ብሕቡእ ኣብ ወይ ብሽጣራ ዝተኻየደ ትውጊት እውን ኣይነበረን። ስለዚ እቲ "ምስጢራዊ መሸጣ" ከምእተኻየደ ዝዝረብ ዘሎ ወረ ጌጋ ጥራይ ዘይኮነስ ናይ ታሪኽ ድንቁርና እዩ ዘርኢ።

ጸወጸዋይ ዓሰብ ብሰንኪ ጌጋ ናይ ዓውደ ኣዋርሕ ዝተፈጥረ ዘይኮነስ፡ ታሪኽ ከመይ ብሓሶት ጠዊኻ ንግዚያዊ ሃልኪ ፖለቲካ ከም ዝውዕል ንዕዘቦሉ ኣብነታዊ ምሳሌ እዩ። ብኸምዚ ኣገባብ ናብ ሓሶት ዝተጠውዩ ታሪኻዊ መድረኻት፡ መረረ ህዝቢ ደፊጥኑ ኣብ ኣተሓሳስባ ህዝቢ ዳግማይ እናተመስርሑ ሕንዝም ዑደት ይጉብኡ። ስለ ዝደጋገሙ ጥራይ ድማ ርጉጽ ከም ዝኾኑ ይመስሉ። ዕቱብ ዝኾነ መጽናዕቲ ታሪኽ ግና ብኣንጻሩ፡ እቲ ዝበዝሕ ምስ መስርዕ ዓመታትን ግዜን ዝሳነ እንተኾይኑ ይዕዘቡ። ብትኹረት ብምዕዛብ ከኣ ብስምዒት ዝተዘርግሑ ትረኻታት ኣመዛዚኑ ክፈጽኖም ይኽእል።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ብመንገዲ ወሉዳ ኣቢላ ት/ዕድመ ትርሓስ ጸጋይ ምባል ተሪፉ፡ ኤልዳና ጸጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/02/26 ኣብ ቁ/47 ይቕረብ።

ብፍ/በ/መሰል ኣቶ ኣሚን ኢብራሂም መሓመድኑር፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣኽለሉ በርሀ በየ፡ ንፈጸሚ ዝምልከት ጉዳይ ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡ ን4/02/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ/47 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ወ/ሮ ምሕረት ተኽለ ገ/ማርያም፡ ብዓል ቤተይ ሰመረኣብ ግርማጽዮን በራኺ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና 3 ደቂ ደቅናን ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/02/26 ኣብ ቁ/47 ይቕረብ።

ከሳሲት ትርሓስ ግርማይ ካብ ወረ/ ፍ/ሸዋ ባህታ ወልደገርግሽ ተኸሳሲት ወረ/ፍ/ሸዋ ባህታ ወልደገርግሽ ናይ ምቅሊት ውርሲ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ተኸሳሲት ቁ/1 ፍረወይኒ ኣረፋይነ ኪዳ፡ ኣድራሻኺ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን18/02/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋብኢያ ቁ/37 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ወ/ሮ ረዘነ ሃይለ እማንን ጉብረስላሴ ሃይለ ኣማንን ስለዝዐረፉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ፍ/ራት ግደይ ሃይለ ኣማን 2 መወትቲ ተተኪእቲ 7 ደቆም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/02/26 ኣብ ቁ/47 ይቕረብ።

ኣቶ ፍረዝጊ ሰዩም ዘርኣም፡ ኣቦይ ሰዩም ዘርኣም ዑቕባዝብርኤል ስለዝዐረፉ፡ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/02/26 ኣብ 9ይ መጋብኢያ ቁ/32 ይቕረብ።

ወ/ሮ በለጠሽ ጭሩም ጉብሩ፡ ብዓል ቤተይ ኣብርሃ ወልደኣብ ዑቕቢት ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/02/26 ኣብ ቁ/47 ይቕረብ።

ኣቶ ማእከለ ተኽለሃይማኖት ተኸስተ፡ ኣደይ መዓሾ ኣብርሃ ኪዳኑ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/02/26 ኣብ ቁ/47 ይቕረብ።

ናትናኤል ጎይትኦም ሰለሙን፡ ኣቡሓጎይ ጎይትኦም ሰለሙን ሃይለ ስለዝዐረፈ፡ ንወላዲት ኣዴና ወ/ሮ በሊይሽ ጉብረሚካኤል ሃይሉ ናይ መጸምዲ ማሰላ ይተሓለወላ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/02/26 ኣብ 2ይ መጋብኢያ ቁ/49 ይቕረብ።

ወ/ሮ ምሕረት ብጹእኣምላኽ ሕደሩ፡ ብዓል ቤተይ ተስፋጋብር ሃብተሚካኤል ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/02/26 ኣብ ቁ/47 ይቕረብ።

ናህም ኣስመሮም መሓሪ ወከል የማነ ክብሮኣብ ፍስሃ፡ ስም ኣደይ ሂሩት ጉብረኪዳን ምባል ተሪፉ፡ ህሪት ጉብረኪዳን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/02/26 ኣብ ቁ/47 ይቕረብ።

ት/ዕድመ ራህዋ በየነ ዋሳብ፡ ስም ኣደይ ምሕረት መድሃኔ ኣርኣያ ምባል ተሪፉ፡ ራሕማ መድሃኔ ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/01/26 ኣብ 6ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ምሕረት የማነ ወልዱ፡ ኣደይ ኣስመረት ሃይለሚካኤል ብኢዱ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይን 8 ተተካእቲ ደቂ መዋቲ ኣሕዋተይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/02/26 ኣብ 8ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ሄለን ዑቕባይ ናይዝጊ፡ ኣቦይ ዑቕባይ ናይዝጊ ተስፋሚካኤል ስለዝዐረፈ፡ ኣዴና ጸሃይቱ የሴፍ ተስፋሚካኤል ናይ መጸምዲ ማሰላ ይተሓለወላ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/02/26 ኣብ 7ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ግደይ ማሰፍን ተወልዱ፡ ብዓል ቤተይ ተኣምራት ገዛሆኝ ጉብረመድህን ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቂ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/02/26 ኣብ 7ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ደርጋኣለም ጉብረዝጊ መሰሉ፡ ኣደይ መድህን ጉብረእግዚኣብሄር ኪዳኑ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/02/26 ኣብ 8ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ማቱሳላ ኣብርሃም ጉብረመድህን ምባል ተሪፉ፡ ማቱሳላ ኣብርሃ ጉብረመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/02/26 ኣብ 6ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ኣቶ ዘውደ ኣርኣያ ህድኣት፡ ብዓልተ ቤተይ ሸዋ ተኽለይ ኪዳነ ስለዝዐረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/02/26 ኣብ 8ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ኣስቴር ተስፋየሃንስ ተስፉ፡ ምባል ተሪፉ፡ ኣስቴር ፍትዊ ዓንዱብርሃን፡ ስም ኣደይ ለተብርሃን ጉብረእግዚኣብሄር ተኽለሃይማኖት ምባል ተሪፉ፡ ለተብርሃን ጉብረእየሱስ ተኽለሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/02/26 ኣብ 5ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ሰዒድ መሓመድኑር ዓሊ፡ ምባል ተሪፉ፡ ሰዒድ መሓመድ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ፡ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/02/26 ኣብ 8ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ኤልሳ ወልዱ ድራር፡ ተጸዋዕቲ 1. ናርዶስ የማነ ተስፋጼን 2. ኢሳቅ የማነ ተስፋጼን 3.መኣዛ የማነ ተስፋጼን 4.ሰዓረ የማነ ተስፋጼን፡ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ናይ ወህብቶ ምጽዳቅ ተኸፊቱ ስለ ዘሎ፡ ን18/02/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ሽምሱ ዓንደልከሪም ዋስዕ ምባል ተሪፉ፡ ሽምሱ ዓብደልከሪም ዓብደልዋስዕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/02/26 ኣብ 6ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ወ/ሮ የዲት ኪዳነ ጉብረወልደ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ኣስመሮም ብርሃ ሃይሉ፡ ኣብ ልዕለኻ ንምመዝገብ ዝምልከት ክሲ ተመስሪቱ ስለ ዘሎ፡ ን29/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋብኢያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ዳናይት ጠዓመ፡ ተጸዋዒ ሄርሞን ጉልላት ይግዛው፡ ኣብ ልዕለኻ ናይ ምግዛት ክሲ ተመስሪቱ ስለ ዘሎ፡ ን15/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋብኢያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ቀሺ ብርሃ ተስፉይ ተወልደመድህን፡ ኣቦይ ተስፉይ ተወልደመድህን ዘርኡ ስለዝዐረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ህልዋት 1 መዋቲ 7 ተተካእቲ ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/02/26 ኣብ ይቕረብ።

ሳልሕ መሓመድ ሓሰን፡ ስም ኣደይ ሕርያ መሓመድኑርሃን ምባል ተሪፉ፡ ሓሪያ መሓመድኑርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/02/26 ኣብ ይቕረብ።

ኣቶ መብራህቶም ዑቕባይ ጉብረሚካኤል ዝዘበሃልኩ፡ ኣብ ምም/ን/ ዞባ ገጀረት ከባቢ ባር ኣልፎርማጆ ዝርከብ ብስም ማርቸል ዝፍለጥ ናይ ኤሌክትሪክ ኣቑሑት መሸጥን መጸገንን ንግዳዊ ንጥፈት ትካለይ፡ ኣቶ ኣማኑኤል ኪዳነማርያም ተወልደብርሃን ንብረትካ ናብ ውሽጢ ትካለይ ኣእቲኻ ክትሰርሓሉን ክትዋገደሉን ድሕሪ ምጽናሕ ንብረትካ ኣብ ውሽጢ ትካለይ እንከሎ መፍትሕ ስለ ዘርከበካ፡ ኣብ ውሽጢ ትካለይ ተዓጽዩ ዘሎ ንብረትካ፡ እዚ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝተቓልሓሉ ኣብ ውሽጢ 1 ወርሒ ንብረትካ ኣልዒልካ ምስ ዘይትወስዶ፡ ኣነ ኣመልካቲ ተሓታቲ ከምዘይኮንኩ ኣፍልጥ ኣለኹ፡፡

ኣቶ መብራህቶም ዑቕባይ ጉብረሚካኤል

ኣብ ዞባ ማእከል ዳዕሮ-ጳውሎስ ፕሎት 26 ቁ.ፓርሰል/ዞን-ፓርሰል K ዝርከብ፡ ኣብ ቤ/ጽ/ካዳስተር ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1፡009327 ብስም 1.ወልደትንሳኤ ጉብረማርያም ዑቕባጼን 2.ኣማኒኤል ሃይለ በራኺ ናይ ዝተመዝገበ ኦርጂናል ምስክር ዋንነት ገዛ (ሊብሬቶ) ስለዝጠፈኣኒ፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሒዝዎ ዝነብል እንተልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑጽሪ ቴለፎን 07117912 ክሕብረኒ፣ እንተዘይኮይኑ፡ መተካእታኡ ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ወልደትንሳኤ ጉብረማርያም

ኣነ ዓናጊት፡ ኑቲ ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ከባቢ እምባጋልያኖ ከተማ ኣስመራ ፕሎት 1 ፓርሰል "B" ዚፕ ኮድ 1A111 ጎደና ኣዜን ቁጽሪ ገዛ 30 ስፍሓት መሬት 173.95 ት/ሜ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬት ማይን ኣከባቢን ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቑጽሪ ንብረት 1BRASM018814/1 ብዕለት 06/02/2024 ዓ.ም ብስም ኣቲልዮ ካሮብዮ ኣንድረያ +3 ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ብመሸጣ ስለዝዕደግክዎ'ሞ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፣ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታርን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምዃነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ የርዳኖስ ሚካኤል ተስፋልደት

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ንኡስ ዞባ ከረን ከባቢ 05 ፕሎት 14 ዚብ ኮድ 6k -1199 ፓርሰል N ጎደና 765 ቁ/ንብረት 6BRKRN000340/1 ስፍሓት መሬት 375 ት/ሜትር ኣብ ልዕሊኡ 2 ክፍሊ መደቀሲ ሓደ ሽቓቕ ሓደ ክሽነ/ ሞንጎ ሓደ መኽዘን ዘለዎ፡ ካብ ኣቶ ቃልኣብ ብየኑ ሃብተማርያም ዝገዛእክዎ ኣብይቲ፡ ናብ ስመይ ከሰጋግር ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፣ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ዞባ ዓንሰባከረን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምዃነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ልችያ ምሳየና ክብሮም

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጸዕዳ ክርስትያን

ስምኦን የሴፍ ፈልፈሉ፥ ኣቦይ የሴፍ ፈልፈለ ዘወልዳይ ስለዝዓረፈ፥ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ 7 ተተካእቲ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ ን12/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የማነስ ገብረማስቀል ተኪኡ፥ ስም ኣደይ መድህን ገብረመድህን ምባል ተሪፉ፥ መድህን መንግስ ገብረሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/02/26 ኣብ ይቕረብ።

ሌ/ኮ ሃብቶም ተስፋይ ይሕደጉ፡ ኣቡሓጎይ ገ/ሄር ተስፋሚካኤል ገብረማርያም ተስፋጼን ስለዝዓረፈ፥ ናይ መዋቲ ኣቡሓጎይ ኣነ ምስ ሓትኖይ 7 ኣሕዋተይን 10 ደቂ መውትቲ ኣኮታተይን ጥራይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/02/26 ኣብ ቤት ፍርዲ ይቕረብ።

ሊያ ወልደሚካኤል መብራህቱ፥ ኣቦይ ወልደሚካኤል መብራህቱ ተስፋሚካኤል ስለዝዓረፈ፥ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/02/26 ኣብ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

እዝዝ ዳኒኤል፥ ወለድና ዳኒኤል ተስፋጽዮን እዝዝን ምሕረት ወልደስላሴ ተስፉን ስለዝዓረፈት፡ 6 ኣሕዋት ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ጸጋዘስፋይ በየነ፥ ወኪል ኣርኣያ ዑ/ጋብር፥ ካብ ነፍ/ሄር ክፍሉ ክብሮም ገ/ሄር ኣብ ዓዲ ኳላ ምም/ ከባቢ ሰመሞ 02 ፕሎት 15 ፓርስል ክፋል 5፣ 1 ክሽን 1 ሽቓቕ ብውሕል መሸጣ ዝዓደግክዎ ብቤ/ፍ ክጸድቀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/01/26 ኣብ ይቕረብ።

ሐበን መብራህቱ፥ ምባል ተሪፉ፥ ሓበን መብራህቶም የውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/02/26 ኣብ ይቕረብ።

ኣቶ ሳህለ እምባየ ወልደስላሴ፥ ካሕሰይ ትርፈ ዑቕባጼን ስለዝዓረፈ፥ ኣነ ምስ ሓደ ሓወይን 6 ደቂ ሐወይን ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/02/26 ኣብ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ

## ደቀምሓረ

እዝግሄርያ ደብሳይ በየነ፥ ስም ኣደይ ፍረወይኒ ተስፋሃንስ ክፍሉ ምባል ተሪፉ፥ ሓጎስ ገብረማስቀል ተ/ሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/02/26 ኣብ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ማሓሪ ወልደስላሴ፥ ስም ኣደይ ኣስገደት ሃይለ ካሕሱ; ብዕለት 5-1-2012 ብ/ቁ/መዝ 4/2012 ኣብ ቅድሚ ቤ/ፍ ኣብ ቅድሚ ረጂስተር መሰኻኽር ዝተገበረለይ ወሀብቶ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ናብ ስመይ ክመሓላለፈለይ ክጸድቀለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/02/26 ኣብ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ኣቶ የውሃንስ ሰለሙን ገብረሚካኤል፥ ንኣቦና ኣቶ ሰለሙን ገብረሚካኤል ሓትንኡ ወ/ሮ መዘንግዕ ሰንጋል በየን ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ንኣቦና ተኪእና ከምኡ'ውን ክልተ ኣሕዋቱን ንኣቦይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/01/26 ኣብ ይቕረብ።

መርሃዊት ወልደርፋኤል ከሰተ ምባል ተሪፉ፥ እሰይ ወልደርፋኤል ከሰተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/02/26 ኣብ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ኣቶ ግደ ዑቕባስላሰ ገብረእየሱስ ምባል ተሪፉ፥ ግደ ዑቕባርግስ ገብረእየሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/02/26 ኣብ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ትምኒት ተስፋጋብር ክብርኣብ፥ ስም ት/ዕድመ ደቀይ ዘመን መሓሪ ወልዱ ምባል ተሪፉ፥ ተስፎም ማሓሪ ወልዱ፥ ተኸሉ ማሓሪ ወልዱ ምባል ተሪፉ፥ ተስፎም ማሓሪ ወልዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ከርባ ሓምድ ኣሕመድ፥ ስም ኣደይ ዘይነብ መሓመድ ኢድሪስ ምባል ተሪፉ፥ ዘይነብ ዓፋ ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/02/26 ኣብ ይቕረብ።

ወ/ሮ እዝግሄርያ ገብረማስቀል ሃይሉ፥ ብዓል ቤተይ ዞርያስ ዑቕባስላሰ ትካቦ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 6 ደቁ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/02/26 ኣብ 8ይ መጋቢት ይቕረብ።

---

ኣነ ኣቶ በረኸ በርሀ ወልደሓንስ (ወኪል ወ/ሮ ብርሃና ተስፋጼን ዑቕባዝብራኤል) ዝተበሃልኩ፥ ተቐባሊ ህያብ ብስም ኣቶ በርሀ ወልደሓንስ ተስፉን ነበፍሄርት ምሕረት መብራህቶም ካሕሳይን ዝተመዝገበ ኣብ ከተማ ሰንዓፈ ዞን 4 ሎታ 39 ፓርሰል G ኣብ 206.53 ት/ሜተር ዝተደኮነ ብኮምሽን ምጽራይ ዋንነት ቁጽሪ 520266 መወከሲ ቁጽሪ 521391 ዋንነት ዝተረጋገጸ 7 ክፍልታትን ሽቓቕን ዓይኒ ምድርን ዘጠቓልል ገዛውትን ብህያብ ዝተዋህበ፥ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ቴክኒክ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ይቕረብ። ዝቃወም እንተዘይቀረበ ግን ኦርጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምኻነይ እሕብር።

በረኸ በርሀ ወልደሓንስ  
ወኪል ወ/ሮ ብርሃና ተስፋጼን ዑቕባዝብራኤል

---

ንሕና 1.ኣቶ ተኽለ መብራህቱ ተስፋገርግሽ 2.ወ/ሮ ለምለም ረዘነ ወልደሚካኤል ዝተበሃልና ተቐበልቲ ህያብ፥ ብስም ወ/ሮ ኣረጋሽ ተስፋገርግሽ ኣብ ከተማ ሰንዓፈ ዞን 06 ፕሎት 2 ፓርሰል E ኣብ 225 ት/ሜተር ዝተደኮነ 6 ክፍሊ ገዛን ሽቓቕን ክሽንን ዘጠቓልል ሰሩሕ ገዛውቲ ብህያብ ዝተወሃበና ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 1 ወርሒ፥ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ቴክኒክ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ይቕረብ። ዝቃወም እንተዘይቀረበ፡ ኦርጅናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክፍጸም ምኻንና ንሕብር።

ኣቶ ተኽለ መብራህቱ ተስፋገርግሽ  
ወ/ሮ ለምለም ረዘነ ወልደሚካኤል

---

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ንኡስ ዞባ ከረን ከባቢ 05 ፕሎት 14 ዚብ ኮድ 6k -1199 ፓርሰል N ጎደና 765 ቁ/ንብረት 6BRKRN000340/1 ስፍሓት መሬት 375 ት/ሜተር ኣብ ልዕሊኡ 2 ክፍሊ መደቀሲ ሓደ ሽቓቕ ሓደ ክሽነ/ሞኸን ሓደ መኽዘን ዘለዎ፥ ካብ ኣቶ ቃልኣብ ብያኑ ሃብተማርያም ዝገዛእኩዎ ኣብይቲ፥ ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ፥ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ዞባ ዓንሰባ ከረን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምኻነይ እሕብር።

ወ/ሮ ልችያ ምስየና ክብሮም

---

ኣነ ተስፋጽዮን ህቡቴስ ወርዕሱ፥ ኣብ ከተማ ከረን ከባቢ 04 ዝርከብ ኣብ መለለዪ መሬት 304779/300379 መለለዪ ቁጽሪ ንብረት 6፡000268፥ ኣብ ዞን 02 ፕሎት 74 ስፍሓት 330.08 ት/ሜትሮ ዝርከብ 1ይ ክፍሊ ሳሎን 2 ክፍሊ መደቀሲ 1 ተሓጋጋዚ ክፍሊ 1ክሽነን 1ዓይኒ ምድርን መካብብያ ዘለዎ ብመሸጣ ካብ ሓወይ የገን ህቡቴስ ወርዕሱብ ዝተዓደገ ኮይኑ፥ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ናብ ቤ/ፍ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ጨ/ቤ/ጽ ካዳስተር ዞባ ዓንሰባ ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጅናል ሰነዳት ኣቕሪበ ክፍጸም ምኻነይ እሕብር።

ተስፋጽዮን ህቡቴስ ወርዕሱብ

---

ኣነ ወ/ሮ ፍረወይኒ ሸሻይ ባርግለ፥ ወላዲት ኣደይ ወ/ሮ ሶማጸሽ ቀሊታ ገዝሀ ዝተባህለት፡ ብስማ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ገዛ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ን/ዞ/ኣጮሻውል ዞባ 5 ን/ዞ/01 ነበር መዳውብቱ፥ ብሰሜን ምስ ወ/ሮ ለተሚካኤል ብደቡብ ምስ ህ/መንገዲ ብምብራቕ ምስ መንገዲ ብምዕራብ ምስ ኣዝማች ወልደሚካኤል ዝዳወብ ስፍሓት 11.70 ት/ሜ ዝተደኮነ፥ ብዕለት 09/10/2025 ኣብ ቅድሚ 4 መሰኻኽር ኣብ ቤት ፍርዲ ቀሪባ ብህያብ ስለ ዝሃበትኒ፣ ብስመይ ክመዝገብ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝተቓላሓሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን ክቐርብ እሕብር። ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ስም ዋንነት ናብ ስመይ ክምዝገበለይ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምኻነይ እሕብር።

ወ/ሮ ፍረወይኒ ሸሻይ ባርገለ.

---

ብስመይ ኣቶ ኪዳነ ርእሶም መሓሪ ዝተመዝገበ፥ ናይ ገዛ ዋንነት ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቁ.ንብረት 1BRASM016710/0 ኣብ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ኣኽርያ ጎደና 135-13 ዝፍለጥ ስለዝጠፈኣኒ፥ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝበል እንተልዩ፥ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቁጽሪ ቴሌፎን 07301869/07920651 ክሕብረና፣ እንተዘይኮይኑ፥ መተካእታኡ ክሓትት ምኻነይ እሕብር።

ኣቶ ኪዳነ ርእሶም መሓሪ

---

ዋንነተይ ዝኾነ ገዛ፥ ኣብ ኣስመራ ዞባ ማእከል ጎደና ሰራየ 1A176 ቁ.ገዛ 53-55 ስፍሓቱ 121.52 ት/ሜ ብ 3 ቀንዲ ክፍልታት 1 ተሓጋጋዚ ዝተደኮነ፥ ብቁጽሪ መለለዩ ንብረት 1/001451 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብመሸጣ ናብ ስም ዓናጊት ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ይቕረብ። እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምኻነይ ይሕብር።

ኣቶ ዑመር ሰዒድ ዓብደላ  
ወኪል ኣቶ ሰዒድ መሓመድ ዓብደልቓድር

# ቃለ- መሕተት

ዳህላክ ነጋሲ

## “ተግሳጽን ምምእዛንን ዘይነጻጸሉ ኣገባብ ኣተኣላልያ ቈልዑ'ዮም” መም. ሃብተገርግሽ

*ቈልዑ ብባህሪኦም እተፈላለየ ደሊትን ኣተሓሳስባን ይውንኑ። በዚ ኸኣ ምሉእ ብምሉእ ከም'ቲ ወለዶም ዝቐርጽዎም ወይ ዝደልይዎም ክኾኑ ኣጸጋሚ እዩ። ምኽንያቱ ዋላ'ውን ገዛእ-ርእሶም ሓሳባት ኣበሎም'ዩ። ከምኡ'ውን ተግሳጽ ከም ተመክሮ ከምቲ እንደሊዮ ስለ ዘይትኽእልና። መብዛሕትኦም ወለዲ ደቆም እናረም ሱምጋሮም ብሕሉፍ ክዕበዩ ንኽኽእሉ ዘይኽእሉ ኮይኖም ምስ ሕብረተሰቦም ብሓባር ተሳኺዖም ክንብርሎም'ዮም ዝበሃሉ። እዚ ስለ ዝኾነ ኣብ ደቆም ልዑል ተስፋ ብምንባር ወጊሑ ጸቢሑ ደኺሞም እንክሰርሑ ብዙሕ ይጽዕሩ። የግዳስ እቶም ዝዕወቱ ስድራቤታት ኣዝዮም ውሑዳት ኮይኖም ንርእዮም። ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ኣብ ናይ ሎሚ ጽሑፍና ቈልዑን መጻኢኦምን ኣብ ዝብል ሃባ ዘተኮረ ኮይኑ ወለዲ መጻኢ ደቆም ንምውሓስ እንታይ ሜላ ኣተኣላልያ ክኽተሉ ኣለዎም ከምኡ ድማ ቈልዑ ጌጋ ምስ ዝፍጽሙ መቕጻዕቲ ቅኑዕ ዲዩ ካልእ ኣብ ዝብሉ ኣርእስትታት ምስ ምሁር ሱልቡ መምህር ሃብተገርግሽ ቴድሮስ ዘተኻየደ ቃለ-መሕተት ናባኹም ኣቕሪብናዮ ኣለና። ሰናይ ንባብ-*

### ፈለማ መምህር ሃብተገርግሽ፡ ቈልዓ ዝበሃል ኣበየናይ ክሊ ዕድመ ዝርከብ'ዩ?

ብመሰረት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ማለት ኣብ መሳኣት ቈልዑ ኣተኩሩ ዝጣበቕ ትካል ከም ዝገልጾ፡ ኩሎም ዕድመኦም ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾኑ ክፋል ሕብረተሰብ ቈልዑ ተባሂሎም ከም ዝምደቡ የጽርፁ። በዚ ከኣ ሓደ ብኣካላዊ፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ፡ ማሕበራዊ፡ ስምዒታውን መንፈሳውን ደረጃኡ ዓቕሚ ኣዓም ዘይኣኸለ ኣካል ሕብረተሰብ፡ ቈልዓ ተባሂሉ ይምደብ።

### ምስዚ ናይ ሎሚ ሃባ ብምትእስሳር፡ ቈልዓ ክቕጻዕ ግቡእ ድዩ?

ብርግጽ ቈልዓ ክቕጻዕ ኣለዎ። እንተኾነ ምስዚ ዝተኣሳሰር ሰለስተ ኣገባብ ኣተኣላልያ ቈልዑ ኣሎ። እዚ ንመቕጻዕቲ፡ ተግሳጽን ምምእዛንን ዘጠቓልል እዩ። እቲ ሓደ ካብቲ ሓደ ዘይንጸል ኮይኑ ሰለስቲኡ ክመላለእ እንተ ኸኢሉ ኣብ መጻኢ እናዓም ሱምጋሮ፡ ራእዩ ዘውንን ንሰብ ዘኽብርን ክብርታት ሕብረተሰብ ዝሕሉን ዜጋ ክህልዉ ከም ዝኽእል ብርክት ዝበሉ ጽሑፋት ሱልቦና ይገልጹ። ምእንቲ'ዚ ቈልዓ ጌጋ ኣብ ዝፍጽመሉ ግዜ ሽዑ-ንሽዑ ምቕጻዑ ኣብ ምምእዛን መጻኢ ህይወቱ ኣገዳሲ ምኻኑ ይሕብር። እምብኣርከስ መቕጻዕቲ ተግሳጽን ምምእዛንን ዘይነጽጽሉ ኣገባብ ኣተኣላልያ ቈልዑ'ዮም።



### ኣተሓሕዛ ወለዲ ኣብ መቕጻዕቲ ቈልዑ ከመይ ክኸውን ይግባእ?

እዚ ንኣጦን ኣደን ጥራይ ዝግደፍ ዘይኮነ እንተላይ ንዓብይትን ንኣሽቱን ደቆም ዘጠቓልል ክኸውን ይግባእ። ኣብዚ ብቐጥታ ከተኩረሉ ዝግባእ እቶም ኣባላት ስድራ-ቤት ኣብ ኣተኣላልያ እቲ ቈልዓ ተመሳሳሊ ርድኢትን ኣተሓሕዛን ክኽተሉ ይግባእ። ምኽንያቱ ኣቦ ንወላዱ እናቐጽዐ ብኻልእ ሸነኽ ኣደ “ግደፎ እንዶ እንታይ በዲሉ” ምስ እትብል፡ ወይ'ውን ንእሾቶ ሓብቲ እናቐጽዐቶ ዓቢ ሓው “ሕደግዮ ኣይትቕጽዕዮ” ዝብል ምስ ዝኸውን እቲ ቈልዓ ይትረፍ ጌጋኡ ክእርም ተመሊሱ ኣብ ምድንጋር እዩ ዝኣቱ። ክንዲ ዝኾነ ሓደ ኣባል ስድራቤት ንዘተጋገየ ቈልዓ ክቕጽዕ እንከሎ፡ እቶም ዝተረፉ ጣልቃ ካብ ምእታው ክሕለቡ ይግባእ። እንተ ዘይኮይኑ፡ እቲ ቈልዓ ጌጋኡ ብጋቡእ ስለ ዘይፈልጥ፡ ኣብ መንጎ ተቐርቂሩ ቅልውላው መንነት ኪጋጥሞ ይኽእል። ከምኡ ድማ ነቲ ሕማቕ ተግባር ደጋጊሙ ክፍጽሞ ድሕር ኣይብልን። ክንዲ ዝኾነ፡ ስድራቤታት ሓደ ዓይነት ኣተኣላልያን ርድኢትን ምስ ዝኽተሉ፡ ኣብ መጻኢ ብቑዕ ዜጋ ክህሉ ይኽእል። ብመንጽሩ፡ እታ ስድራቤት ዘለገሰን ዘለተበነን ውላድ ከተፍሪ ትኽእል።

ኣብዚ ክንዘንግዖ ዘይብልና እቲ መቕጻዕቲ ኣብ ልዕሊ'ቲ ቈልዓ ኣካላዊ ይኹን ስነ-ኣእምሮኣዊ ሃሰያ ዘኸትል ምስ ዝኸውን፡ ሓዲኦም ካብ ኣባላት ስድራ-ቤት ኣብ መንጎ ብምእታው ከተዓርቑ ግድነት እዩ። እንተኾነ እቲ መቕጻዕቲ ሃሰያ ዘኸትል ምስ ዘይከውን ግን፡ ካልኦት ጣልቃ ብምእታው ከተዓርቑ ኩነ ከቶ ጥጥሩ ኣይግብኦን። ካልእ ንቈልዓ ኣኻኺ፡ብካ ምቕጻዕ ቅኑዕ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ንቈልዓ ንዘፈጸሞም ጌጋታት ኣኻኺ፡ብካ ወይ ጸብጺ፡ብካ ምቕጻዕ ስምዒታዊ ከም እትኸውን ብምግባር ኣብ ልዕሊ'ቲ ቈልዓ ከቢድ ሃሰያ ክተውርድ ዝደፋፍእ እዩ። እዚ ስለ ዝኾነ ቈልዓ ኣብ እዋኑ ምስ ዝቕጻዕ ወይ ዝግሰጽን ዝምእዘንን ጌጋ ናይ ምፍጻም ተኽእሎ ክውሕድ ይኽእል። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኣቦ ስምዒቱ ክቈጻጸር ኩነ ክመልኽ ዘይክእል ምስ ዝኸውን፡ እቲ ዘውሰኖ መቕጻዕቲ ከቢድ ሃሰያ ከኸትል ከም ዝኽእል ተገንዚቡ፡ እቲ ኣልያን መቕጻዕትን ኑቲ ብልዙብ ኣገባብ ክመርሕ ዝኽእል ኣባል ስድራ-ቤት ክገድፍ ይግባእ። ስለዚ፡ እቲ መቕጻዕቲ ኣብቲ ምእራም ሓሊፉ ከቢድ ማህሰይቲ ዘስዕብ ምስ ዝኸውን ኣቦ ይኹን ኣደ ገዛእ-ርእሶም ክመልኩ ምስ ዘይክእሉ፡ እቲ ሓላፍነት ናብ ካልእ ሰብ ከሰጋግርዎ ይግባእ።

ከምኡ'ውን ወለዲ ተቐዳዲሞም ንመቕጻዕቲ ክንዲ ዝጽዩ ፈለማ እቲ ቈልዓ ስለምንታይ ነቲ ተግባር ፈጺምዎ ክሓቱን ክገንዝቡን ኣለዎም። እቲ ምንታይ፡ ኣብ ገለ እዋን ቈልዑ ዝዩዳ ክፈልጡን ከምኡ ድማ ዝሕግዙ ዘለዉ እናማስሉ ክጋጥሙ ስለዝኽእሉ። ንኣብነት፡ ሓንቲ ቈልዓ መመገቢ ጣውላ ክተጽሪ ብምግላት ብኬሪ ምሉእ ማይ ኣብ ልዕሊ ጣውላ ክትደፍእ ትኽእል እያ። ከም ሳዕቤኑ፡ እታ ሓንቲ ኣደ ንተግባሩ ብምዕዛብ ጥራይ ተቐዳዲማ ናብ ማህረምቲ ክትኣትዩ እንከሎ ካልእ ኣደ ድማ ጣውላ ንምጽራይ ቁሩብ ዓቕን ማይ ከም ዘድልዮ ምስ እትምህራ፡ እታ ቈልዓ ተመሊሳ ነቲ ተግባር ክትፍጽሞ ኣይትኽእልን እያ። ስለዚ፡ እታ ሓንቲ ቈልዓ ብዘተየከሳ ሓድሽ ንጥፈት ናይ ምፍታን ድሌታ ትሐት ክኸውን እንከሎ፡ ብኣንጻሩ እታ ሓንቲ ኣብ መጻኢ ህይወታ ሓያሎ ሓሳባት ይኾኑ ንጥፈታት ናይ ምፍታን ወና ልዑል ይኸውን።

### ሃሳይን ዘይቕኑዕን ኣገባብ ኣቀጻጽዓ እንታይ ኣሉታዊ ሳዕቤን የኸትል?

ወለዲ ሃሳይ ወይ ዘይቕኑዕ ኣገባብ ኣቀጻጽዓ ዝኽተሉ እንተ ኾይኖም፡ እቲ ቈልዓ ንቲ መቕጻዕቲ ስለ ዝለምዶ ከም ንቡር ክርእዮ ይጅምር። ብፍላይ፡ እቲ ቈልዓ ኣብ ክሊ ዕድመ 16ን 17ን ምስ ዝበጽሕ፡ “ጥባ ካብ ምህራም ሓሊፉ እንታይ ክይገብር” ወይ “ማማ ካብ ምቑያጭ ወጻኢ ካልእ ትገብር የብላን” ክብል'ዩ ዝጀምር። ክንዲ ዝኾነ እቶም ሰለስተ ኣገባብ ኣተኣላልያ ብግቡእ ምስ እንጥቀመሎም፡ ደረጃ ዕድመ ብዝገደሰ እቲ ቈልዓ እሩም ኣካይዳ ክህልዎ ግድን እዩ። ካልእ ኑቲ ቈልዓ ብቐጻሊ ምግናሕን ምቕጻዕን ንጀቕጠ፡ ቅሳነትን ፍርሒን ይቃላዕ። ብዘይካዚ፡ ኣብ ትምህርቲ ድኹም ዓቕሚ ይህልዎ። ብዘወሳኺ፡ ምስ መዛኑኡ ኩነ ሕብረተሰቡ ጥቡቕ ዝምድና ክምስርት ይጽገም። ስለዚ፡ ቈልዓ ይዕበ ይንኣስ ጌጋ ምስ ዝፍጽም ኣእዳውና ንማህረምቲ ዘይከኑ ብዝያዳ ብርድኢት ንኽእረም ክትተባበዩ ይግባእ። ብዘይካ'ዚ፡ ጸቡቕ ተግባር ክፍጽም እንከሎ ዝኾነ መተባብዒ ብምሃብ ወይ ብምስጋና'ውን ምሕቋፍን ሓገዝና ክንገልጸሉ እንከለና፡ ብኣንጻሩ ጌጋ ምስ ዝፍጽም ድማ እንጽህር ዘበርና ክብርታትን ሓለፋታትን ብምኽላእ ኑቲ በደል ከም ዘይደግሞ ክንገብር ንኽእል።





መምህር ሃብተገርግሽ ቴድሮስ

ብዘይካ'ዚ፡ ንቈልዓ ቅድሚ ዝኣገረ ምህራም ጌጋኡ ብሸኹን መንፈስ ንኽይፈልጥን ንኽየስተንትንን ዕድል ምኽላእ እዩ። ወለዲ ምሕረት ቀጻዕቲ ምስ ዝኾኑ፡ እቲ ቈልዓ ናይ ምምኽናይን ምሕሳውን ባህሪ'ዩ ዘጥረ። ኣካላዊ መቕጻዕቲ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ከቢድ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ሃሰያ ከስዕብ ንዕዙብ ኢና። ናይዚ ህያው ኣብነት ኣብ ከባቢና ኣዒንቶም ዝቐጸረ ማስበርቲ ዘጋጠሞምን ካልእ ማህሰይቲ ዝወረዶምን ብዙሓት እዮም።

### ቈልዓ ክሳብ ክንደይ ክሊ ዕድመ'ዩ ክቕጻዕ ዘለዎ - ማለት መቕጻዕቲ ገደብ ግዜ ኣለዎ ዶ?

ኣብ ሕብረተሰብና “ቈልዓ ብንእሱ፡ ቀርበት ብርሑሱ” ዝብል ብተደጋጋሚ ዝሰማዕ ምስላ ኣሎ። እዚ ካብ ባዶ ዝተቐለ ዘይኮነ ንቈልዓ ብዝያዳ ኣብቲ ንኡስ ዕድሚኡ ክቕጻዕ ከም ዘለዎ'ዩ ዘመላኽት። በዚ ምኽንያት፡ ሓደ ዕድሚኡ 16 ወይ 17 ዝኾነ በጽሒ፡ ግቡእ ማሰመር ንምትሓዙ ብዝያዳ ኣብ ተግሳጽን ምምእዛንን ክተኮር'ዩ ዝግባእ። ብኣንጻር'ዚ፡ ንኽትእርሞ ብምባል ምስ እትሃርሞ ኣንጻርካ ብምልዓል፡ ክሳብ ገዛኡ ራሕሪሑ ምኻድ ክበጽሕ ይኽእል። ስለዚ፡ እቲ ደረጃታት ኣተኣላልያ ምስቲ ዕድመን ብስለትን ናይቲ ቈልዓ ዝተሳነየ ክኸውን ይግባእ። እዚ ካብ ኩሉ እቲ ግቡእ ኣልያ ብቐንዱ ትሕቲ 10 ዓመት ኣብ ዘሎ ግዜ ምስ ዝኸውን ወጽኢታዊ ምላሽ ክህልዎ ይኽእል። እንተዘይኮይኑ፡ ኣብ ግርዘውናን ብጽሕናን ምስ በጽሑ ምእላዮም ማለት ግን፡ ሓንቲ ብንኡስ ዝነበጠት ገረብ ትኽ ንምባል ዝግበር ጻዕሪ ክመስል ይኽእል እዩ። ምእንቲ'ዚ፡ ንደቅና ኣብ ንኡስ ዕድመኦም ከም መሓዙትና ወይ ኣዕሩኽትና እንተቀረብናዮም፡ ብድሕሪዚ ምሉእ ዕምርም ብኸምቲ ዝመሃርናዮም ኣገባብ ክቕርቡና ኣይጽገሙን እዮም።

### ካብ ወለዲ ወጻኢ ንቈልዑ ዝቕጽዕ ሰብ ኣብ ግምት ክኣትዎም ዝግብኦ ነጥባት ኣለዉዶ?

ኣቐዲመ ከም ዝተገለጸ ሓደ ሰብ ንመቕጻዕቲ ኣብ ክንዲ ዝጸይ ፈለማ ስለምንታይ እቲ ጌጋ ተፈጺሙ ኩላትትን ክፈልጥን ይግባእ። ብድሕሪዚ፡ እቲ ጌጋ ናይ መንዩ ወይ ስለምንታይ ተፈጺሙ ምስ ተገንዘበ፡ ኣካላዊ ሃሰያ ብዘየስዕብ ኣገባብ ክቕጽዕ ወይ ክእርም ክፍትን ኣለዎ። ካልእ፡ ገለ-ገለ ቈልዑ ብሰንኪ ጥዕናዊ ጸገም ምሕር ረብሸ ባህሪ ክህልዎም ይኽእል። በዚ ከኣ ኑዩም ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ሰባት ከናውጽዎም ወይ ክብድልዎም እንክለዉ፡ ካልእ ብዮጉዓም ዝዕዙብ ሰብ ተቐዳዲሙ ንማህረምቲ ክንዲ ዝጸየ ቀረቡ ከኣታቱ ክጸንዕ ይግባእ። ክንዲ ዝኾነ ኑቲ ከይፈተሸን ከይሓተተን ኣቐዲሙ ክቃጻዕ ዝጸየ ሰብ ፈለማ ንሱ ክቕጻዕ ዘለዎ።

### ንቈልዓ ናጽነት ምሃብ ቅኑዕ ድዩ?

ብርግጽ፡ ቈልዓ ናጽነት ክወሃብ ኣለዎ። እዚ ማለት ሓሳባቱን ድሌታቱን ንኽገልጽ ናጽነት ክወሃቦ ከም ዘለዎ ዘመላኽት እዩ። እቲ ቈልዓ ኣብ መጻኢ ድሌቱ፡ ሕልሙ፡ ባህጉ፡ ራእኡን ዕላምኡን ክሰፍሕ እንተኾይኑ፡ ኣብ ንኡስ ዕድሚኡ ናጽነት ክወሃቦ ግድን እዩ። ካልእ፡ ካብ ፈለማ ድሌታቱ ኩነ ሓሳባቱ ንኽገልጽ ትዓግዶ ምስ እንተኸውን፡ ምስ ሰባት ዝህልዎ ርክብ ምሕር ድኑት ይኸውን። ብዘይካ'ዚ፡ ሓድሽ ነገር ናይ ምፍታን ናጽነት ምስ እንህቦ'ውን፡ ብዘተየከሱ ሓድሽ ውሳኔታት ዝወሰድ መንነት ተብላሕት'ዩ ዝኸውን። ብኣንጻር'ዚ፡ ዝኾነ ክፍትሸን ክሕዝን እንከሎ “ግደፍ” እንብሎ ምስ እንኸውን፡ ኩሉ ግዜ ኣብ ዝጠን ካልኦት ሰባት ተወጢሑ ክነብር ይግደድ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ምስ መዛኑኡ ብሓባር ንኽጻወትን ክሳተፍን ናጽነት ክሃቦ ይግባእ። ብዘወሳኺ፡ ንብሕቱ ተገሊሉ ምስ ዝጸንሕ ኣብ መጻኢ ምስቲ ግዳማዊ ዓለም ክላለን ክጸዋዕን ክሽገር እዩ። ኣብዚ ክንዘንግዖ ዘይብልና፡ እቲ ናጽነት ኣብ ትሕቲ ክትትልን ኣልያን ወለዲ ክኸውን ኣለዎ።

የቐንየልና



ኣገባብ ኣተኣላልያ ቈልዑ'ዮም።

# ማሕበራዊ ዕብየት

ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሎ

## ማሕበራዊ ስራሕ ከም ዓውዲ

ሉል ተስፋይ
ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን




ማሕበራዊ ስነ ፍልጠት ካብ ኣገደስቲ ክፋላት ስነ ፍልጠት እዩ። ህይወት ወዲ ሰብ ኣብ ምቅያርን ምዕባይን ዓቢ ተራ ዘተጻወቱ ዓበይቲ ዓውደ ትምህርታት ድማ ሓቑፉ ይርከብ። ስነ ሕብረተሰብ ድማ ሓደ ካብኡ እዩ። ስነ ሕብረተሰብ ምስ ማሕበራዊ ስራሕ ተዛማዲ ይገልጽ እዩ። ንነውሕ ዝበለ እዋናት ድማ ስነ ሕብረተሰብን ማሕበራዊ ስራሕን ተባዚሉ ክስመ ጸኒሑ።

ማሕበራዊ ስራሕ (social work)፥ ርእሱ ዝኸኣለ ዓቢ ዓውዲ ኮይኑ፣ ብዙሕ ሰፋሕቲ ክፋላትን ታሪኻን ዘለዎ እዩ። ማሕበራዊ ስራሕ ዓቢ ዓውዲ ኮይኑ፣ ምስ ውልቀ ሰባት፣ ጉጅለታት፣ ስድራቤታት፣ ኮማት ዝሰርሕ ምኻኑ ይጥቀስ። እዚ ድማ ነቶም ዘተጠቕሱ ማሕበራዊ ኣካላት፣ ማሕበራዊ ጸገማቶም ንምፍታሕን ማሕበራዊ ርግኣት ንምዅብን ዓሊሙ ዝሰርሕ እዩ። ማሕበራዊ ስራሕ ምስ ብርክት ዝበሉ ዓውድታት ማሕበራዊ ስነ ፍልጠት ምትሕሓዝ ዘለዎ ምኻኑ ይንገር። ገለ ንምጥቃስ፡ ስነ ሕብረተሰብ፡ ስነ ልቦና፡ ህዝባዊ ጥዕና፡ ሕጊ፡ ቁጠባ ወዘተ ምጥቃስ ይከኣል።

ኣብ ሕብረተሰብ ማሕበራዊ ለውጢ ምምጻእ፡ ካብ መሰረታዊ ተልእኾታት ማሕበራዊ ስራሕ እዩ። ዝ. ማሕበራዊ ለውጢ ኣብ ሕብረተሰብ ንምምጻእ፡ ማሕበራዊ ስራሕ ዝተፈላለዩ ሜላታት ብምቅያስ፡ ንጸገማት ሕብረተሰብ ብዘዋጽእ ብምጽናዕ ማሕበራዊ ለውጢ ንምምጻእ ይጽዕት። ማሕበራዊ ስራሕ ከም ዓውዲ ብዚያዳ ካብ 19 ክፍለ ዘመን ክዓቢ ዝጀመረ ምኻኑ ይጥቀስ። ኑቲ ዓውዲ ኣብ ምዕባይ ዓቢ ተራ ዝተጻወቱ ኣብ ወለንታዊ ስራሓት ግብረ ሰናይ (voluntary philanthropy) ዝዋፈሩ ዝነበሩ ውልቀ ሰባት እዮም።

ማሕበራዊ ቁጠባዊ ድሌታት ዘተጸገሙ ሰባት፡ ንምምላስ ዝዋበር ንጥፈታት ብሃይማኖታዊ ትካላትን ውልቀ ግብረ ሰናይ ትካላትን ኣቕዲሙ ዝጀመረ እዩ። ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ዘፈጠሮ ማሕበራዊ ጸገማትን ድሒሩ ኣብ 1933 ዘጋጠመ ከቢድ ዓለማዊ ቁጠባዊ ምንቅ (great depression) ዘፈጠሮ ሰፋሕቲ ጸገማት፡ ንማሕበራዊ ስራሕ ርእሱ ዝኸኣለ ዓውዲ ንክኸውን ከቢድ ጽልዋ ኣሕዲሩ።

ጸገም ዘለዎም ውልቀ ሰባት ንምጽናዕ ዝቐርብ ስራሕ (individual casework)፥ ንማሕበራዊ ስራሕ ኣብ ምዕባይ ዓቢ ተራ ካብ ዝተጻወቱ ነገራት እዩ። ትካል ምሉብ ልግሲ (charity organization society) ዝተባህለ ኣብ መፋርቕ 19 ክፍለ ዘመን ኣብ ብሪጣንያ ዝቖመ ትካል፡ ንንጥፈታት ማሕበራዊ ስራሕ ኣብ ምዕባይ ዓቢ ተራ ተጻዊቱ። እዚ ትካል ብሬለን ቦሳንክዌትን ኦክታቭያ ሂልን ዝበሃላ ሰባት ዝቖመ እዩ። ብርክት ዝበሉ ክኢላታት ስነ ሕብረተሰብ፡ ዝ. ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ትካል፡ ኣብ ምዕባይ ማሕበራዊ ስራሕ ከም ዓውዲ ዓቢ ተራ ዝተጻወተ ምኻኑ ይሰማምዑ።

ኣብ ምዕባይ ማሕበራዊ ስራሕ ከም ዓውዲ ብቐልኣይ ደረጃ ዓቢ ጽልዋ ዘሕደረ፡ ምስ ማሕበራዊ ምሕደራ ዝተኣሳሰረ ንድኻታት ክፋል ሕብረተሰብ ንምሕጋዝ ዝወጹ ሕግታት እዩ። እዚ ሕግታት ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ፡ ካብ 17 ክፍለ ዘመን ዝሰርሓሉ ዝበረ ኮይኑ፣ ትካል ምሉብ ልግሲ (charity organization society)፥ ከም መጠበሲ ብምውሳድ ኣብ ምሕጋዝ ጸገማት ክፋላት ሕብረተሰብ ክውዕሎ ጀሚሩ። ብሳልሳይ ደረጃ ኣብ ምዕባይ እዚ ዓውዲ ዓቢ ተራ ዘተጻወተ ስነ ሓሳብ፡ ብትካላት ግብረ ሰናይ ማሕበራዊ ጸገማት ሕብረተሰብ ንምፍታሕ ዝዋበር ጻዕሪ፡ ኣኻሊ ስለዘይኮነ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት መንግስቲ ብምትሕብባር ዝተወሃሃደ ስጉምቲ ምውሳድ የድሊ ዝብል ይርከብ።

ኣብ ፈለማ ዓመታት ምዕባይ ማሕበራዊ ስራሕ፡ ምእላይ ድኽነት ኣብ ሕብረተሰብ እቲ ቀዳማይ ጠመተ ዝወሃቦ ነይሩ። እዚ ድማ ኢንዱስትሪያዊ ሰውራ፡ ኣብ መፋርቕ 19 ክፍለ ዘመን ዘፈጠሮ ከቢድ ድኽነት ኣብ ከተማታት ኤውሮጳ ብስፊሑ ብምንባሩ ምኻኑ ይጥቀስ። ዝ. ንምፍታሕ ድማ ስራሓት ግብረ ሰናይ ከም ሓደ መፍትሒ ይውሰድ ነይሩ።

ብክኢላታት ማሕበራዊ ስራሕ (social workers) ዝቖሙ ብርክት ዝበሉ ኣህጉራዊ ትካላት ኣለዉ። ሓደ ካብዚኦም ኣህጉራዊ ፈደረሽን ማሕበራዊ ስራሕተኛታት (international federation of social workers) ዝበሃል እዩ። እዚ ትካል ንማሕበራዊ ስራሕ ክገልጾ ከሎ፡ "ማሕበራዊ ስራሕ ግብሪ ተኮር ሞያ ኮይኑ፡ ኣብ ሕብረተሰብ፡ ማሕበራዊ ለውጢ፡ ምዕባለ፡ ማሕበራዊ ጥምረት፡ ንምምጻእ ዝሰርሕ እዩ" ክብል ይጠቕሶ። ብዘይካዚ፡ መትከላት፡ ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ሰብኣዊ መሰላት፡ ሓባራዊ ሓላፍነት፡ ምኽባር ብዙሕነት ኣብ ማሕበራዊ ስራሕ ክኸሉ ከም ዘዋጽእ የመልክት።

ማሕበር ማሕበራዊ ስራሕተኛታት ብሪጣንያ (british association of social workers) ዝተባህለ ትካል ብወገኑ፡ "ማሕበራዊ ስራሕተኛታት ምስ ውልቀ ሰባትን ስድራቤታትን ብምስራሕ ኣብ ህይወቶም ለውጢ ንኸመጽኦም ዝኽእል እዩ" ክብል ይጠቕሶ። ብዘይካዚ ክኢላታት እዚ ዓውዲ ተጠቒሞ መሰላት ናይ ጸገማት ክፋል ሕብረተሰብ ብምኻን ዘድልዮም ክንክንን ኣገልግሎትን ንክረኽቡ ዝጽዕሩ ምኻኖም ይጠቕሱ።

ብርክት ዝበሉ ክኢላታት ስነ ሕብረተሰብ ንዓውዲ ማሕበራዊ ስራሕ ኣብ ምዕባይ ዓቢ ተራ ተጻዊቶም እዮም። ገለ ንምጥቃስ፡ ጀይን ኣዳምስ ኣብ 1931 ሽልማት ሰላም ኖቤል ዝተዓወተት፡ ሜሪ ኣለን ሪችሞንድ ማሕበራዊ ምርመራ (social diagnosis) ዝርእስቱ መጽሓፍ ዝጸሓፈት እያ። ብዘይካዚ ዊልያም በቨሪጅ ዝተባህለ ንማሕበራዊ ውሕስነት (social welfare) ከም ኣምር ኣብ ምዕባይ ዓቢ ተራ ዝተጻወተ ክኢላ'ውን ተጠቃሲ እዩ።

ዕዮ ጎልጎል (field work) ኣገዳሲ ክፋል ማሕበራዊ ስራሕ እዩ። እዚ ስራሕ እዚ ኣብ ክልስ ሓሳብ ጥራይ ከይተወሰነ ኣብ ባይታ ብምውራድ፡ ኑቲ ክሕገዝ ዘድሊ ክፋል ሕብረተሰብ፡ ባህሉን ማሕበረ ቁጠባዊ ኩነታቱን ብምጽናዕ ዘድልዮ መፍትሒ ምሃብ ከም ኣገዳሲ ነገር ይወሰድ። ኣብ ማሕበራዊ ስራሕ ብርክት ዝበሉ ኣምራት ይጠቓለሉ። ገለ ንምጥቃስ ተደናጋጽነት፡ ማሕበራዊ ጉጅለኣዊ ስራሕ፡ ማሕበራዊ ውልቃዊ ስራሕ፡ ኮማዊ ውዳብ፡ ምሕደራን መራሕነትን፡ ምፍታሕ ቅሉውላዋት፡ ኣእምሮኣዊ ጥዕና፡ ፍወሳ ተገንዘቦኣዊ ባህሪ (cognitive behavioral therapy) ወዘተ ምጥቃስ ይከኣል።

ኣብራሃም ፍለክስነር ዝተባህለ ክኢላ ኣብ 1915 ኣብ ዝሃቦ "ማሕበራዊ ስራሕ ሞያ ድዩ?" ዝርእስቱ መግለጺ፡ "ማሕበራዊ ስራሕ ካብ ካልኦት ዓውድታት ዝፈልዩ፡ ምስ ብዙሓት ዓውድታት ተሳፊኑ ዝሰርሕን፡ ብርክት ዝበለ እናተመሓየሸ ዝኸይድ መጽናዕትታት ዘድልዮ ስለዝኾነን እዩ" ክብል ገሊጹ ነይሩ። እዚ ድማ ምስ ካልኦት ዓውድታትን ክኢላታትን ንዘለዎ ቅርበት ዘመልክት ምኻኑ ይንገር።

ፖፕልን ለይቲንገርን ዝተባህሉ ክኢላታት፡ ማሕበራዊ ስራሕ ሸውዓተ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ከም ዘለውዎ ደጠቕሱ። ንኣተዎም ድማ፡ ቀዳማይ ጸምዶ ኮይኑ፡ ምስ ተገልጋሊ ዝዋበር መጀኢታዊ ርክብ ንምምስራት ስጡም ዝምድና እዩ። ካልኣይ - ምእካብ ሓበሬታ ኮይኑ፡ ብዛዕባ ተገልጋሊ ዘድሊ ሓበሬታ ምእካብ እዩ። ሳልሳይ - ወጥን ኮይኑ፡ ንምስርሕ ማሕበራዊ ስራሕ ዝሕግዝ ወጥን ምድላው እዩ። ራብዓይ - ትግበራ ኮይኑ፡ መስርሕ ዕውት ንምግባር ዘኽእል ጸጋታት ድሕሪ ምእካብ ናብ ስራሕ ምእታው እዩ። ሓምሻይ - ገምጋም ምቁጽጻርን ኮይኑ፡ ኣብ መስርሕ ማሕበራዊ ስራሕ ንዝሎ ዕላማታት ተሓሪሙዶ ኣይተሓርመን ምግምጋም እዩ። ሻዱሻይ - ደገፋዊ ምኽሪ ኮይኑ፡ ንተገልጋሊ ዘድሊ ምትብባዕ ደገፍ፡ ምኽሪ ብምሃብ ናብ ዝሓሸ ደረጃ ክበጽሕ ምስራሕ እዩ። ሻውዓይ - ምፍልላይ ኮይኑ፡ እዚ ናይ መወዳእታ ደረጃ ንጥፈት ኮይኑ፡ ክኢላ ማሕበራዊ ስራሕ ካብ ተገልጋሊ ኑብሱ ብዘሎምታዊ መንገዲ ዝኣልየሉ እዩ። ኣብዚ መድረኽ እቲ ተገልጋሊ ዝደለ ምምሕያሽን ለውጥን ከም ዝምጽአ ብክኢላ ወድዓዊ ገምጋም ምስ ተገብረ ዝውሰን ምኻኑ ይጥቀስ።




ማሕበራዊ ስራሕ ከም ኩሎም ዓውድታት ዘማእዘንዎን ዝመርሕዎን ክብርታት ይውንን። እዞም ክብርታት ብዝሸፍ ክኢላ ማሕበራዊ ስራሕ ክሰዓቡ ዝግብኦም እዮም። ገለ ካብኦም ንምጥቃስ፦

1. ኣገልግሎት፦ ሓገዝ ዝደልዩ ክፋላት ሕብረተሰብ ብዘይተገዳሰነት ምሕጋዝን ማሕበራዊ ጸገማት ምፍታሕን።

2. ማሕበራዊ ፍትሒ፦ ንኹሉ ክፋል ሕብረተሰብ ምዕሩይ ብዝሸፍ መንገዲ ኣገልግሎት ምምጣው።

3. ሰብኣዊ ክብሪ፦ ክብሪ ናይ ተገልጋሊ ክፋል ሕብረተሰብ ምሕላው።

4. ብሉጽ ማሕበራዊ ምብህሃል፦ ምስ ሰባት ብሉጽን እወታውን ማሕበራዊ ምብህሃል ምውናን።

5. መትከላውነት፦ ተኣማንነት ብዘለዎ መንገዲ ንጥፈታት ማሕበራዊ ስራሕ ምኻያድ።

6. ብቕዓት፦ ብቑዕን ብሉጽን ብዝሸፍ መንገዲ ኣገልግሎት ምሃብ ክጥቀሱ ይኽእሉ።

ሓደ ካብ ፍሉያት መለለይ ናይ'ዚ ዓውዲ ንድሕነትን ዕብየትን ውልቀ ሰብ ብመገዲ ሕብረተሰባዊ ድሕነትን ዕብየትን ክርኢ ብምኽኣሉ እዩ። ረብሓ ውልቀ ሰብ ንምርግጋጽ፡ ረብሓ ሕብረተሰብ ምርግጋጽ ኣገዳሲ ምኻኑ ብምቕያር፡ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንህዝቢ ዝድለ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንክህብ ዘኽእል እዩ። በዚ መሰረት ከም ሽቕለት ኣልቦነት፡ ሰንክልና፡ ዘኽታምነት፡ ልመና፡ ተናባይነት ጎደና ወዘተ ዝኣመሰሉ ማሕበራዊ ጸገማት ዘጋጠሞም ሰባት ዝድለ ማሕበራዊ፡ ስነ ኣእምሮኣዊ፡ ቁጠባዊ ደገፋት ብምሃብ ዝድለ ማሕበራዊ ለውጢ ከምጽኡ ብምሕጋዝ፡ ካብ ተጸባይነት ክኣገሉ ዘኽእሉ ስትራተጂታት ዘጠቓልለ እዩ።

ማሕበራዊ ስራሕተኛታት (social workers)፥ ኣገደስቲ ሞያውያን ተባሂሎም ኣብ ዝተፈላለየ ክፋላት ዓለም ብምውሳዶም ቁጽሮም ብዓለም ደረጃ ኣብ ምውሳኽ ይርከብ። ክፍሊ ጥዕና ኣመሪካ ኣብ ሓደ እዋን ኣብ ዘካየዶ መጽናዕቲ ኣብ'ታ ሃገር ልዕሊ 200 ሽሕ ማሕበራዊ ስራሕተኛታት ከም ዝነበሩ ይጠቅስ። ኣብ ካልኦት ክፋላት ዓለም'ውን ክኢላታት ስነ ሕብረተሰብን ማሕበራዊ ስራሕን ቁጽሮም ብዛዓዳደፈ ኣብ ምውሳኽ ከም ዘሎ ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት የረጋግጹ።

ከምቲ ኣቐዲሙ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ማሕበራዊ ስራሕ ኣዝዩ ኣገዳሲ ሞያ ብምኻኑ፡ ማሕበራዊ ጸገማት ሕብረተሰብ ኣብ ምፍታሕን ማሕበራዊ ዕቤት ኣብ ምምዝጋብን ወሳኒ ተራ ዝጻወት እዩ። ዝ. ንምዝዛድ ድማ ኣብቲ ሞያ ዘለዉ ክኢላታትን ካልኦት ግዱሳትን ኣብቲ ቀጻሊ ዝዓቢ ዘሎ ዓውዲ ዘለዎም ኣፍልጦ ከዕብዩን ብሞያዊ ስነምግባርን ክብርታትን ናይቲ ዓውዲ ተቐይዶም ክሰርሑን ትጽቢት ይግበር።



# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ጆርናል
## ትጽቢተይ ንሽዓቢ

30 ሓምለ 2010 / /እምባትካላ

ብስራሕ ክገይሽ ምኽንያይ ምስ ተነግረኒ ኣዝየ'የ ተሓጒሰ። ከምዚ ዓይነት ሓጐስ ውሑድ እዋናት ጥራይ'የ ዝረኽቦ። ኵሉ ነገረይ ክትሓዋወሰኒ እንክሎ፣ ገፊጥ መፈጥ ክበዝሓኒ እንክሎ፣ ራኢየይ ክስእኖ እንከለኹ፣ ሕቶታት ክበዝሓኒ እንክሎ፣ ናብ ሩባ መረብ፡ ጎቦ መኩነን ምሽያምን ብምኻድ እሕጽቦ ነይረ።

ኣብዛ ዓመት'ዚኣ ግን በዚ ዘይጸሪ ርስሓት ጠቢቐኒ። ኣብ ርእሲኡ፡ ክሕጾብ ኢለ ኣብ ዝኸደሉ እቲ ናይ ቀደም ናጽነተይ ስለ ዘይረኽቦ፡ ተወሳኺ ርስሓት ኰይኑኒ። ብፍላይ እዛ ወርሒ ምልእቲ፡ ናይዛ ትመጽእ ወርሒ ሓሳብ ወሲኽ ኣንፈቱ ዘይፈልጥ ተጓዓዛይ ኰይነ ጸኒሐ።

ኵሉ ግዜ ብርስሓት ምርር ኣብ ዝበለኒ መገሻ የጋጥመኒ። ብእኡ ከኣ ጸርየን ተሓዲሰን እምለስ። ክምለስ እንከለኹ እቲ መጀመርታ ምድያቡ ዘፍርሓኒ፡ ኣብ ቅድመይ ተገቲሩ ዝድህለኒ ዝነበረ እምባ፡ "ሰብኣይ እንተ ኴንካ ሕጂ ግጠም!" እብሎ። ንሱ ከኣ ፍርሐይ ግዲ ተገልቢጡዎ፡ ፈሪሑ ይርሕቐ፣ ክንዲ ኰዕሶ ይደቅቕ'ሞ ቀሊዐ እስውሮ።

ነዚ ዝቐነየኒ ጋዕገልጠማት ከኣ ጽቡቕ ገይረ ከብርሮ ሓይሊ ክደሊ ነዊሕ እዋን'ዩ ወሲዱለይ። ጽቡቕ ገይረ ኸጽርዮ ምእንታን፡ ስሩዕ ግዲ ነይሩ፡ ዓቕለይ ኣብ ዘውድኣሉ፡ መገሻይ ንዓሰብ ተባሂሉ። ብዝተፈላለየ ምኽንያት ብዙሕ እዋን ገይሸ ኣለኹ። ብዘይካ ሳሕል ዘተርፈኒ ኣይህሉን'ዩ ማለተ'ይ እየ።



ምብጋስና ወጋሕታ ሰዓት 4 ከም ዝጀምር ተነጊሩና። ምሉእ መዓልቲ ተጓዒዝካ ዘይትውድኦ መገዲ እዩ። ጽቡቕ ገይርና መግቢ ክንደፍእ ነይሩና። ቀደም መኪና እፈቱ ብዘይ ምንባረይን እዚ መገዲ ብዙሕ ጥውይዋይ ስለ ዘሎዎን ከይጠላቐ ፈሪሐ'የ። ፈራሕሲ ዓሰርተ በትሩ ክብሉዎ ሓቆም'ዮም። ስለስተ ግዜ ቍርሲ በሊዐ ኣውቶቡስ ተሰቂለ። እዛ ኣውቶቡስ ሞተረኣ ምስ ኣድሃየ ጥራይ ፈትየያ። ሳዋ ንመላለሰለን ዝነበርና 'ዳፍ' ኣዘኪራትኒ።

ኣብ ናይ ባጽዕ መገሻይ፡ ካብ ጊንዳዕ ውጽእ ምስ በልና ሽታ ናይቲ ኣግራብ ልበይ ወሲዱዎ እዩ። ነቲ ሽታ እናሸተትኩ፡ ሞት ከም ዘይትቐርበኒ ገይረ ወሲደየ። ከይመውት ዝፈርሕ እንተ'ሎ ብሓቂ ናብቲ ኣግራብ ከይዱ ሽታኡ ይቋደስ! (በቃ ትእዛዝ'ዩ)።

ነፋሲት ሓሊፍና እምባትካላ ኣብ ዝተጸጋዕናሉ፡ ገለ ከም ዘይትኽውን ኣሚነላ ዝነበርኩ ኣውቶቡስና ደው ኢላ "እንተ ሒሽካስ" ኢላትኒ። "ክላእ! ንስኺኽ ከምዞም እንተ ነኣድካዮም መሊሶም ዝሻድኑ ዲኺ?" ኢለ ኣማሪረያ። ህንጡይነተይ ግዲ ንኢሱ፡ ኰነ ኢላ ከተዕብዮ ደልያ ትኸውን ብምባል ንጽቡቕ ሂበዮ ኣለኹ።

ትዕረ ኣይትመስልን እያ። ሞተረኣ ገለ ክፋሉ ፈታቲሖም ኣውሪደሞ እዮም። ሕረቕ ሕረቕ መጽኡኒ ነይሩ። "ኵሉ ዝመጽእ ንጽቡቕካ ቀይሮ" ዝብል ካብቲ ጎቦታት ድዩ ካብ ውሽጠይ ዘይተፈልጠ መቓልሕ ሰሚዐ ገዲፈዮ።

እሞ እቲ ጽቡቕ ኣብዚ ክደልዮ ኢለ፡ ቅድም ናብቲ ንሓድሕዱ ከረው ኣቢሉ ተጠማሚሩ ዝነበረ ጎቦታት ጠመትኩዎ። ጥምረቱ ፈቲየዮ፣ ግና እታ ሓንቲ ጉቦስ ልክዕ ጭሕሚ ሰበይቲ'ያ ኰይና። እዚ ኵሉ ጥምረትሲ ካብ ቀጠልያኣን ልኽይ ዘየበላኣ።

"ዋይ ዓለም ትሽዓተ...!" ኢለ ርእሰይ ነቕኒቐ። እዞም ኣይሰምዑ፡ ኣየስተንፍሱ ንብሎም ጎቦታትሲ ንመዋእላት ተሓቋቍፎም እንከለዉስ፡ እቶም እንርኢ፡ እንሰምዕ፡ እነስተንፍስ ከኣ ፍቕርና ምስ ጸሓይ በሪቑ፡ ምስ ጸሓይ ዓራቢ ክኸውን ይገርመኒ'ዩ። ኣነ ከኣ ከምዞም ንሓምዮም ዘለና ግዲ ኰይነስ፡ ንኣይ እንተላይ ኣሕሚማትኒ። ሓደ - ሓደ ግዜ ከይተረድኣካ ዝበልካዮ፡ ጸኒሑ ኣብ ቅድሚኻ እምባ ኰይኑ ዝጸንሓካ ኣሎ።

እዞም ጎቦታት ነታ ሓንቲ ጸለሎ ክትመስል ሰቕ ኢሎም ዝርእዩ፣ ካብዚ ናይ ሰብ ገለ ገለ ኣበር ወሲዶም ከይኰኑ። ምኽንያቱ እቶም ምስኣ ዘለዉ ኣኻውሕ ግንባሮም ዝቐልዑ ሕሱማት ክኾኑ ይኽእሉ'ዮም። ሓንሳብ ክገድፈኪ ዳየሪየይ፡ እዛ ሓሳብ ተበሪሃትኒ ኣላ።

...........

ጃምቦ

## ውዕሎ እታ ቡን

01 ሓምለ 2015 03፡45 ድ.ቐ. - ድባርዋ

ህይወት ካብ ሰሓቕ'ዩ ዝርከብ። ሰሓቕ ከኣ እንተ ኣዕለልካ'ዩ ዝመጽእ። እነዕልለሉ ኣጋጣሚ ምፍጣሩ ሓደ ነገር'ዩ። ኣብ ንውሕ ዝበለ ኣጋጣሚ ተራኺብና ክንስሕቕ እንክለና ከኣ ጽቡቕ። ዋላ ደኣ ዕላልና ዕላል ኣቦይ ሰረቐ ይኹን! እንተ ጸኒሕካ ከኣ ብዙሕ'ዩ ዘሎ። ምልላይ፡ ምቅርራብ፡ ምትእኽኻብ፡ ንስሓቕ፡ ምፍልላይ፡ ምርሕሓቕ፡ ... ኵሉ ኣይሰኣንን እዩ። ነናቱ ገለ መቐረት ድማ ኣሎዎ። ሐሕማቑ ንጸጋም ገዲፍካ ጽቡቕ ምጥማት ጥራይ'ዩ ዘድሊ።

ሌላና ኣጋጣሚ ኣሎዎ። ኣብ ከባቢ ኦሮታ ክንጓየ ዝርኣየ ሰብ፡ ሕጂ ኣብዛ ኣርባዕተ ብኣርባዕተ ዘይትኣክል ገዛ ሽዱሽተና ቡን እናሰተና ወኻዕኻዕ ክንብል እንተ ዝርኢ ምተገረመ ይኸውን። መኣስ ኰን ንራኸብ ንኸውን እናበልና፡ ከም ጥንስቲ መዓልቲ ምጽብጻብ ኰይኑ ስራሕና። ነገርያ ምርኻብ ድኣ ሱራ ነዊሕ'ዩ እምበር።

ማሕበርና ሓደ ሰብ ተፈልዩና፡ ሓዳስ ሰብ ድማ ወሲኽና። ምፍልላይ መጺኡ፡ እቲ ቍጽሪ ግን ኣብ ቦታኡ ኣሎ። ግን ደረጃ ኣሎና፣ ገለና ማስተር፡ ገለና ዳይረክተር፡ ገለና መምህር፡ ገለና ከኣ ተመሃሮ ኢና። እቲ ዘገርም ኣብ ብዙሕ ነገር ዘራኽብ የብልናን። ዕድመና፡ መኣዝን ህይወትና፡ ኣናብራና፡ ስራሕና፡ ደረጃ ትምህርትና፡ ... ኣዝዩ ዝተፈላለየ እዩ። እንተኾነ ወግዒ ቡንናን ዕላልናን ምስናይ ፍቕሪ፡ ምትሕልላይ፡ ምምኽኻር፡ ወዘተ ኣሕብር ኣቢላ ኣብ ሓደ ደረጃ ተመጣጢንና። ሕጂ ከኣ ንእሽተይ ዕዮ ገዛ ኣይንስእንን ኢና። ዘይተመርዓው ከነመርዑን ነቶም ሓደስቲ ኣብ መስመር ከነእቱን ከይኰነ ኣይተርፍን። ብፍላይ ሓውና ሓሳብ ልቡ እንተ ሰሚሩሉ ድርብ ጽንብል ከነብዕል ኢና።

ንሕና ኢድካ ንላዕሊ እናበልና፣ ኢራብ ከኣ "ኣይትጠምቱኒ" እናበለት ክሳዕ ዘለና ጉዕዞ ህይወትና ምቕጻል'ዩ። ናጽነት ደኣ ምስትምቓር እንድዩ ትርፉ፣ ትስሕቕ፡ ትጻወት፡ ትሰርሕ፡ ቍምነገር ተዕልል፡ ትበልዕን ትድቅስን በቃ። "ምዕባደይ እዩ" ናይ ግርማይ ዓንዱምን "ተጀምረኒ ኣለኻ" ናይ ሩታን ደርፍታት መሳንይትና እየን። ኣብ ዝሃለና ንሃሉስ ንስምዓየን ደኣ፣ ክሳልያና እየን፣ ኣብ ጉዕዞ ምዝኽኻርን ምንፍፋቕን።

ወጋሕታ

## ጥዑም ደሃይ

14 ሓምለ 2015 8፡30 ድ.ቐ.



ደሃይ ረኺበ መሰለኒ!? ልበይ ዘሚርኪ መሰለኒ... ሰሚዐዮ ዘይፈልጥ ዜማ፡ ወትሩ ዝብህግኩዎ ቋንቋ...።

ሓደ ጉበዝ'ዩ፡ ከም መስታ በርቂ ማሕ ኢሉ፡ ነታ ደው ኢላ ዝነበረት ልበይ ተዘዚ ኣቢሉዋ። ተዘዝታ ጥራይ ኣይነበረን፣ እንተላይ ኣበራቢሩዋ። ኣብዛ ዓለም ከም ሰባ ከም እትኸውን ኣዘኪሩዋ። ወትሩ ዝሃረረቶ ዕላልን ጣዕምን ፍቕሪ ቀሚሳ። ሕጂ ተበራቢራ... ምብርባር ሓሊፉስ ተሰራሲራ። ኣየ'ዛ ልበይ ምሸክን ልማዳ ድንን... ፍቕሪ ተብሪሁዋስ ምድራፍ ገዲፋ፡ ምስዕሳዕ ለሚዳ፣ ክክክ ገጢመልኪ በሊ! ጥዑም ደሃይ ልበይ።

ሰኒት ወረደ

## ዓባይ ጓል ምስ ኰንኩ ዝናፍቐኩዎ...



1. ሰዓት 8፡00 ተንሲአ ቅሚይ እናጕመድኩ ምስ መሳቶይ ክጻወት ደገ ክወጽእ፣

2. እንታይ ይመስል ኣለኹ ፍጹም ዘይዓጅበኒ፣

3. "መን ከፍቅረኒ ይኽእል" ዝብል ዘረባ ፍጹም ዘይዓጅበኒ፣

4. ብሓመድን ርስሓትን ተቜማጢዐ ገዛ ምስ ኣተኹ፡ ነብሰይ ብዓፍዓፍ ዝብል ሳሙና ክሓጽቡኒ፣

5. ብግርህና፡ ብምሉእ ልበይ ክምሕል ከለኹ፣

6. ፍጹም ሕሜታ ዘይፈልጦ እንከለኹ፣

7. እቲ እንኮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዕረፍቲ ዘባእሰና ዝነበረ "ጋባ ዘይመቐልክኒ" ዝብል ጥራይ እንክሎ፣

8. ሓሙሽተ ሰዓት ንመዓልቲ ገዛ ገዛ ኣብ ምጽዋት ክሕልፎ፣

9. እቲ ንኣዋልድ ዝዓበየ ዘንብዐን ጉዳይ "ሞት" ጥራይ እንክሎ፣

10. ኣብ ዕዳጋ ናይ ኣደኻ ኢድ ሒዝካ ምኻድ፣

11. ንግደት ናብ እንዳ ዓለቦኻ ክዳንካ ቀያይርካ ምኻድ፣

12. እቲ እንኮ ዝሰምዖ ሙዚቃ መዝሙር ጥራይ እንክሎ፣

13. እቲ ስድራይ "ምስቲኣ ኪዱ፡ ምስቲኣ ግን ኣይትኺዱ፡" ኢሎም ባዕላቶም ክመርጹለይ እንክለው፣

14. እቲ ኵሉ ዝገብሮ ብዘይ ፍርዲ ክገብሮን ክነብሮን፣

15. ኣይድውልን፡ 'መሰጅ' ኣይጽሕፍን እንከለኹ።

መኣስ እዚ ጥራይ! ዓባይ ጓል ምስ ኴንካ እዚ ጥራይ ኣይኰነን ዝናፈቕ። ወርሒ መጽኣት "ጽግያት ኣኺሉ፡" ኢለ ዘይሸቝረረሉ ዝነበርኩ እዋን ልዕሊ ኵሉ ተናፋቓይ እዩ በጃኺ።

ሰሚራ መሓመድኑር
ደቀምሓረ

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ኣመሪካ፡ ምስ ኢራን ንግዲ ኣብ ልዕሊ ዘካይዳ ሃገራት ቀረጽ ወሲና

ኣብ ሓያሎ ከተማታት ኢራን ህዝባዊ ተቓውሞታት ኣብ ዝቐጸለሉ ዘሎ እዋን፡ ዝኾነት ምስ ኢራን ንግዲ እተካይድ ሃገር፡ ኣብ'ቲ ምስ ኣመሪካ እተካይዶ ንግዳዊ ምልውዋጥ ናይ 25 ሚእታዊት ቀረጽ ክወስኽ ምዃኑ፡ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ኣጠንቀቐ።

ትራምፕ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ 'ትሩዝ ሶሻል' ኣብ ዘዘርግሖ ጽሑፍ፡ "ዝኾነት ምስ ኢራን ንግዲ እተካይድ ሃገር፡ ኣብ'ቲ ምስ ኣመሪካ እተካይዶ ተመሳሳሊ ንጥፈታት ናይ 25 ሚእታዊት ቀረጽ ክብድሓ እዩ" ኢሉ።

ኣባል ማሕበር ኣፍረይቲን ለኣኽቲን ነዳዲ (ኦፔክ) ዝኾነት ኢራን፡ ብመንግስቲ ኣመሪካ እገዳ ካብ ዝግበረላ ዓመታት ኣቑጺራ ኣላ።

ዝበዝሕ ካብ ፍርያት ነዳዲኣ ናብ ቻይና እትልእኽ ኢራን፡ ቱርኪ፡ ዒራቕ፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብን ህንድን እውን ገለ ካብ ካልኦት ሻዕለምት ናይ ንግዲ መሻርኽታ ምዃነን ይፍለጥ።

ትራምፕ ነቲ ቀረጽ ንምትግባር ክጥቀመሉ ዝኽእል ሕጋዊ ስልጣኑ ወይ'ውን እቲ ቀረጽ ናብ ኩለን መሻርኽቲ ንግዲ ኢራን ዝጸልዎ ምዃኑን ዘይምዃኑን ንኽንምልስ ንዝቐረበሉ ሕቶ መልሲ ኣይሃበሉን።

ኣብ ዋሽንግተን ዝርከብ ኤምባሲ ቻይና ግን ነቲ "በይናዊ ዘይሕጋዊ እገዳ" ክብል ዝገለጾ መጠንቀቕታ ትራምፕ ብምንቃፍ፡ ቻይና ረብሓታታ ንምሕላው ኩሉ ኣድላዪ ዝበሎ ስጉምትታት ክትወስድ ምዃና ኣፍሊጡ።

ዝሓለፈ ዓመት ምስ ኣመሪካ ዝተፈላለየ ንግዳዊ ስምምዓት ዝኸተማ ጃፓንን ደቡብ ኮርያን እውን፡ ነቲ ምዕባለ ብቐረባ ይከታተልኦ ከም ዘለዋ ዝሓለፈ ሰሉስ ገሊጸን።

ሚኒስትሪ ንግዲ ደቡብ ኮርያ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ "ፍሉይ ስጉምትታት መንግስቲ ኣመሪካ ምስ ተፈሪ፡ ኣድላዪ ዝኾነ ስጉምቲ ክንወስድ መደብ ኣለና" ክብል ሓቢሩ።

ምክትል ዋና ጸሓፊ ካቢነ ሚኒስተራት ጃፓን ድማ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ጃፓን፡ ትሕዝቶ ናይ'ቲ ኣመሪካ እትወስዶ ስጉምትታት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ጃፓን ክህልዎ ዝኽእል ጽልዋ ብጥንቃቐ ምስ መርመረት፡ ግቡእ ምላሽ ክትህበሉ እያ" ኢሉ።



## ጃፓንን ደቡብ ኮርያን፡ ጸጥታውን ቁጠባውን ርክበን ንምድልዳል ተሰማሚዐን

ጃፓንን ደቡብ ኮርያን ኣብ ምብራቕ ኤስያ እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ወጥሪ ንምምካት፡ ጸጥታውን ቁጠባውን ዝምድናኦን ንምዕማቕ መደብ ከም ዘለወን መራሕቲ ክልቲአን ሃገራት ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ጃፓን ድሕሪ ዘተየድዎ ዋዕላ ገሊጾም።



ኣብ'ቲ ዋዕላ፡ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ጃፓን ሳናይ ታካይቺን ፕረዚደንት ደቡብ ኮርያ ሊ ጃይ ሚዩንግን ብዛዕባ ኢንዱስትርያዊ ቀረብ፡ ሰብ ሰርሖ ብልሒ፡ ምውጋድ ነቑጠሳዊ ኣጽዋር ኣብ ሓውሲ ደሴት ኮርያን ሸርክት ኣመሪካን ኣመልኪቶም ዘትዮም።

ክልተኦም መራሕቲ ኣብ ዞባ ናራ ካብ ዝርከብ መንበሪ ገዛ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ታካይቺ ኣብ ዝሃብዎ ሓባራዊ መግለጺ፡ ኣገዳስነት ዝምድና ጃፓንን ደቡብ ኮርያን ከምኡ'ውን ምትሕብባር ጃፓን፡ ደቡብ ኮርያን ኣመሪካን እናዓበየ ይኸይድ ከም ዘሎ ኣረጋጊጾም።

እቶም መራሕቲ ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ሰሜን ዶባት ንዝርከቡ ዜጋታት ዒላማ ዝገበረ ብኢንተርነት ዝፍጸም ምትላል ንምምካት እውን ምትሕብባርም ከሐይሉ ምዃኖም ሓቢሮም።

ዋዕላ ናይ'ቶም መራሕቲ፡ ድሕሪ ሓደ ሰሙን ናይ'ቲ ሊ ምስ ፕረዚደንት ቻይና ሺ ጂን ፒንግ ዘካየዶ ርክብ ኮይኑ፡ ዝምድና ቻይናን ጃፓንን ብሰንኪ'ቲ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ጃፓን ንጉዳይ ደሴት ታይዋን ኣመልኪታ ዝሃበቶ ሓደገኛ መግለጺ፡ መሊሱ ሻሕኪሩ ኣብ ዘለወሉ እዋን እዩ ተኻዩዱ።

## ኣምባሳደር ኣውስትራልያ ኣብ ኣመሪካ ስልጣኑ ሓዲጉ

ኣምባሳደር ኣውስትራልያ ኣብ ኣመሪካ ኬቪን ሩድ፡ ካብ ስልጣኑ ይወርድ ምህላዉ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣውስትራልያ ኣንቶኒ ኣልባኒዘ ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ሓቢሩ።

እቲ ኣምባሳደር፡ ካብ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ብዘውረዶ ነቐፌታ እዩ ኹ ናይ ሓደ ዓመት ግዜ ከሎ መዚኡ ዝሓደግ ዘሎ።

በዚ ድማ፡ እቲ ኣቐዲሙ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣውስትራልያ ዝነበረ ሩድ፡ ኣብ ዝመጽእ መጋቢት ስልጣኑ ከብቅዕ ምዃኑ፡ ኣልባኒዘ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ ሓቢሩ።

"ኣውስትራልያን ኣመሪካን ናይ ቀረባ መሓዙት እየን" ዝበለ ኣልባኒዘ፡ ምውራድ ሩድ ካብ ስልጣኑ ንሽርክነት ክልተአን ሃገራት ከም ዘይጸልዎን፡ ሩድ ዘበርኾ ኣገዳሲ ስራሓት ክቕጽል ምዃኑን ኣፍሊጡ።

ሩድ፡ ቅድሚ ኣምባሳደር ምዃኑ፡ ንትራምፕ ዝቃወም ሓያሎ ርእይቶታት ይሃብ ምንባሩ ዝገልጹ ጽብጻባት፡ ሓደ እዋኑ "ኣብ ታሪኽ ዓለምና እቲ ዝያዳ ኣዕናዊ ዝኾነ ፕረዚደንት" ክብል ተሪር ነቐፌታዊ ጽሑፍ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ጠቒሱ ምንባሩ የመልክቱ።

ይኹን'ምበር፡ሩድ ኣምባሳደር ኮይኑ ምስ ተመዘዘ ነቲ ርእይቶታት ካብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ከም ዘደምሰሶ ይሕበር።



ኣብ ዝሓለፈ ጥቅምቲ፡ ኣልባኒዘ ኣብ ዋይት ሃውስ ኣብ ዝገበሮ ዑደት፡ ትራምፕ ብዛዕባ ሕሉፍ ርእይቶታት ሩድ ምስ ተሓተተ፡ ነቲ ኣብ ሰገር ጠረጴዛኡ ዝነበረ ኣምባሳደር ብኢዱ ብምምልካት፡ "ኣነውን ኣይፈትወካን'የ፡ ፈጺመ'ውን ኣይክፈትወካን'የ" ክም ዝበሎ ኣየርሳዕን።

ኣልባኒዘ ወሲኹ፡ እቲ ካብ ስልጣን ናይ ምውራድ ውሳነ ምሉእ ብምሉእ ብኬቨን ሩድ ዝተበጽሐ ምዃኑ ኣረዲኡ።

## መንግስቲ ሶርያ፡ ተወሰኽቲ ወተሃደራት ናብ ኣሌፖ ልኢኹ

ኣብ ሶርያ - ከተማ ኣሌፖ ኣብ መንጎ ሰራዊት መንግስቲን ደሞክራሲያውያን ሓይልታት ሶርያን ንመዓልታት ዝቐጸለ ደማዊ ውግእ ድሕሪ ምኻዩዱ፡ ተወሰኽቲ ሓይልታት ናይ'ቶም ዕጡቓት ኣብ'ቲ ከቢቢ ዳግማይ ንኸይውድቡ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ሶርያ ናብ ገጠራት ምብራቓዊ ክፋል ናይ'ታ ከተማ ድጋፍ ዝህቡ ተወሰኽቲ ወተሃደራት ከም ዝለኣኸ ተሓቢሩ።

እዚ ዝተሓበረ፡ ወግዓዊ ማዕከን ዜና 'ሳና'፡ ሰራዊት መንግስቲ ሶርያ ናብ ምብራቕ ኣሌፖ ናብ ዝርከብ ማሳመር ምውፋር ገዙ ክንቀሳቐስ ዘርኢ ቪድዮ ኣብ ዝፈነወሉ እዋን እዩ።

ሳና ንሚኒስትሪ ምክልኻል ሶርያ ብምጥቃስ ኣብ ዝዘርግሖ ሓበሬታ፡ "ተወሰኽቲ ዕጡቓት ጉጅለታት ናብ'ቲ ኣብ ምብራቓዊ ገጠራት ኣሌፖ ማለት፡ ኣብ ማስከናን ደይርሃፈርን ዝርከብ መዋፈሪ ደሞክራሲያዊ ሓይልታት ሶርያ ክመጽኡ ተዓዚብና ኣለና" ኢሉ።

ይኹን'ምበር፡ ደሞክራሲያዊ ሓይልታት ሶርያ፡ እቲ ኣብ ምብራቓዊ ገጠራት ኣሌፖ ናብ ዝርከብ ግንባር ደይርሃፈርን ማስከናን ተወሰኽቲ ዕጡቓት ኣዋፊሩ ዝበሎ ክሲ ሚኒስትሪ ምክልኻል ሶርያ ነጺጉዎ ኣሎ።

ደሞክራሲያዊ ሓይልታት ሶርያ ወሲኹ፡ ኣብ'ቲ ከቢቢ ዘይተለምደ ምንቅስቓስ ይኹን ምድላዋት ከም ዘየለ ብምሕባር፡ እቲ ዝበሃል ዘሎ ምትእኽኻብ ኣብ ከተማ ኣሌፖ ንዝቐሰሉ ግዳያት ንምቕባል ካብ ሰሜናውን ምብራቓውን ሶርያ ንዝመጽኡ ሰላማውያን ሰባት ጥራይ ዝገልጽ ምዃኑ ሓቢሩ።



## ቦሊቭያ - ብሓደጋ መኪና 11 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ቦሊቭያ ኣብ ዝርከብ ንዓበይቲ ከተማታት ዘራኽብ ጽርግያ ብዘጋጠመ ሓደጋ መኪና፡ ብውሕዱ 11 ኣባላት ሓንቲ ስድራ ቤት ክሞቱ እንከለዉ ካልኦት ሰለስተ ድማ ከም ዝቐሰሉ፡ ፖሊስ ናይ'ታ ሃገር ሓቢሩ።

ማዕከናት ዜና ናይ'ታ ሃገር፡ እቲ ሓደጋ ኣብ መንጎ ከተማታት ፑርቶ ሰዋረዝን ፑርቶ ኩዓሮን ኣብ ዝርከብ ጽርግያ ከም ዘጋጠመ ኣረዲኦን።

መጀመርታዊ መርመራ ፖሊስ ናይ'ታ ሃገር ከም ዝሕብሮ፡ እታ ካብ ስድራ ቤታዊ ድግስ እትምለስ ዝነበረት ንእሽቶ ኣውቶቡስ፡ ብሓደ 13 ዓመት ዝዕድሜኡ ቆልዓ እያ ትምራሕ ነይራ።

ብዘይካ'ዚ፡ ብልዑል ፍጥነት ትሕምበብ ብምንባራ፡ እቲ ቆልዓ ንምቁጽጻራ ከም እተጸገመን ከም ወጽኢቱ ማስመራ ስሒታ ከም እተገልበጠትን ተሓቢሩ።

ፖሊስ፡ ጠንቂ እቲ ሓደጋ እንታይ ምዃኑ ብንጹር ንምፍላጥ ይምርምሩ ከም ዘለዉ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ወግዓዊ ጸብጻብ ክዘርግሑ ትጽቢት ከም ዝግበርን ይሕበር።

ኣብ ቦሊቭያ፡ ኣብ ዓመት ልዕሊ ሓደ ሽሕ ሰባት ኣብ ጽርግያታት ብዘጋጥም ትራፊካዊ ሓደጋታት ከም ዝሞቱ እዚ ድማ ብቐንዱ ብሰንኪ ጥንቃቐ ዘይብሎም መራሕቲ መካይን ከም ዝስዕብ ሚኒስትሪ ወሽጣዊ ጉዳያት ናይ'ታ ሃገር የጽሪ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ዳሉል | 14/1/26 | ጎደና ሓርነት ቁ.158፡ ፊት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ | 125266 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services